# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.242 | ረቡዕ 10 ሰነ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
“ሻህ-ማት” ጸወታ ኢራናውያን





ገጽ 4
ታሪኻዊ ኣመዓባብላ ሕጊ ባሕሪ (Law of the Sea)






ገጽ 5
“ሉሚ መምህራንና ካብ ኮለጃትና ዝፈረዩ መንእሰያት ደቂ ወሽጢ ሃገር እዮም” . . .





ገጽ 11
ኣዚ ማእከል፡ ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ተዛዚሙ




# ኤርትራ ኣብ 8ይ ዋዕላ ‘ዞባዊ ኮሚቴ ጥዕና ምብራቕ ኣፍሪቃ’ ተሳቲፋ





ኤርትራ፡ “ጥዕናዊ ውሕስነትን ልኡላውነትን ኣፍሪቃ፡ ብዘላቒን ሓድሽን መዋእለ-ንዋይ ኣብ ጥዕና ኣደታትን ህጻናትን ቀዳማይ ደረጃ ክንክን ጥዕናን ምምዕባል” ብዝብል ቴማ፡ ካብ 3 ክሳብ 5 ሰነ ኣብ ናይሮቢ- ኬንያ ኣብ ዝተቓንዐ 8ይ ዋዕላ ዞባዊ ቴክኒካዊ ኣማኻሪ ኮሚቴ ጥዕና ምብራቕ ኣፍሪቃ ተሳቲፋ።

ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኬንያ ኣቶ በየነ ርእሶም፡ ኣብ’ቲ ዋዕላ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ኤርትራ ኣብ ምዕባለ ቀዳማይ ደረጃ ክንክን ጥዕና ንዘመዝገበቶ ተመኩሮን ዓወታትን ብምጥቃስ፡ መንግስቲ ተጠቃምነት ኣገልግሎት ጥዕና ክሳብ ዝረሓቐ ከባቢታት ሃገርና ንምርግጋጽ ንዘኩበሮ ዘሎ ኣበርክቶ፡ ጥዕና ኣዴታትን ህጻናትን ንምውሓስ፡ ኣብ ክትትል ቅድምን ድሕርን ሕርሲ፡ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዝነብራ ኣዴታት ኣብ ትካላት ጥዕና ከምዝሓርሳ ንምግባር ዝተሃንጸ መጸበዩ ነፍሰ-ጾራት፡ ዝተዋህበ ስልጠና ክንክን ወሊድን፡ ዘመዝገቦ ውጽኢትን ኣመልኪቱ ዝርዝራዊ መግለጺ ሂቡ።

ኣብ ዓውዲ ጥዕና ህጻናት’ውን፡ ብመደብ ሃገራዊ ክታበትን ውሁድ ኣመሓዳድራ ሕማማት ህጻናትን ኣቢሉ ዝተመዝገበ ዕብየት፡ ኣብ ምድልዳል ጥዕና ህጻናትን ምስፋሕ ሽፈነ ክታበትን ልዑል ተራ ከምዝተጻወተ ዝጠቐሰ ኣምባሳደር በየነ፡ ጥዕናዊ ውጽኢት ሕብረተሰብ ምስ ትምህርቲ፡ ማይ፡ ሕርሻ፡ መግቢን መንበርን ዝተኣሳሰረ ብምዃኑ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ’ዞም ዓውድታት ዝተወሃሃደ መደባት የሰላስል ከምዘሎ ኣነጺሩ።

እቲ ብማእከል ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት ኣፍሪቃ ዝተዳለወን ተወከልቲ ኣባል ሃገራት፡ ዞባዊ ትካላት፡ ሞያውያን ጥዕናን መሻርኽቲ ልምዓትን ዝተሳተፍዎን ዋዕላ፡ ኣብ ምድልዳል ጥዕናዊ ውሕስነት፡ ምክልኻልን ምድላውን ንለበዳታት፡ ምምሕያሽ ጥዕና ኣዴታትን ህጻናትን፡ ምስፋሕ ኣገልግሎት ክታበትን ቀዳማይ ደረጃ ክንክን ጥዕናን ዘተኩረ ዛዕባታት ከዘቲ እንከሎ፡ ኤርትራ ድማ ኣብ’ቲ ዛዕባታት ንዘዐበር ዘሎ ዞባዊ ጻዕርታት ንምድጋፍ ቅሩብነታ ኣረጋጊጻ።

# ጋሽ-ባርካ - ስልጠና ምሕደራ ንብረትን ኣተሓሕዛ ገንዘብን ተዋሂቡ

ንኣባላት ሚኒስትሪ ሕርሻ ጨንፈር ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ኣብ ምሕደራ ንብረትን ኣተሓሕዛ ገንዘብን ዘተኰረ ስልጠና ካብ 5 ክሳብ 7 ሰነ ኣብ ባረንቱ ተዋሂቡ።

እቲ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ፋይናንስ፡ ሃገራዊ ልምዓትን ክፍሊ ትረዠሪን ተዳልዩ፡ ን77 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 174 ሓለፍቲ ሕርሻ ንኡሳን ዞባታት፡ ጨናፍርን ኣሃዱታትን፡ ከምኡ’ውን ክኢላታት መኻዝኑ እቶት ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣተሓሕዛ ንብረትን ሰነዳትን፡ ምሕደራ ገንዘብ መንግስቲን ግዴታታት ተሓዚ ገንዘብን፡ መምርሒታት ቀረብ መኻዝኑ እቶት፡ ስርዓት ኣተዓቓቕባ ንብረት፡ መደብ ንርቃሕን ባህርያዊ ሕርሻን ካልእን ዝጠቓለለ ምንባሩ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ናይ’ቲ ዞባ ኣቶ ኣቡበከር ዑስማን ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ ሕርሻዊ ምህርቲ ንምስሳን ካብ ጽባሕ ናጽነት ኣትሒዙ ዝተፈላለዩ ዘርኢ፡ ድኹዒ፡ መድሃኒትን ሞቶረታትን ብርትዓዊ ዋጋ ብምቕራብ፡ ሓረስቶት ውጽኢታዊ ዕብየት የመዝግቡ ከምዘለዉ ዝሓበረ ኣቶ ኣቡበከር፡ ሕርሻዊ እትዋት ንሓረስቶት ብቐረባን ብቐሊሉን ንክበጽሖ 120 ዝኣባላታ ኣሃዱ ቀይሞ፡ ኣብ ኩለን ምምሕዳር ከባቢታት ብኣድማዕነት ንጥፈታታ ተሰላስል ከምዘላ ሓቢሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቶ ኤፍሬም ክፍሉ ብወገኑ፡ እቶትን እቶታውነትን ሓረስቶት ብምዕባይ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ ኣብ ኩሉ ዝብል ዘላቒ ሸቶ ሚኒስትሪ ሕርሻ ንምትግባር፡ ኣብ ምሕያል ዓቕሚ ሰብን ትግባረ ዝተሓንጸጹ መደባት ኣብ ምርግጋጽን ንጹር መምርሒታት ብምሕንጻጽ፡ ንክኢላታት ሰብ ሞያ ሕርሻን ሓረስቶትን ዝተፈላለዩ ስልጠናታትን ኣስተምህሮታትን ከምእተዋህበ ጠቒሱ፡ ኣብ 2022 ዝቖመት ኣሃዱ መኻዝኑ እቶትን ጥዕና እንስሳን፡ ኣብ ምኽዕባት እቶትን እቶታውነትን እወታዊ ውጽኢት ተመዝግብ ከምዘላ ሓቢሩ።



ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሑሩይ ብወገኑ፡ ኣብ መንጎ ክኢላታት ሕርሻን ሓረስቶትን ድልዱል ዝምድና ብምፍጣር፡ ምህርቲ ካብ ንምባል ዝተኣታተወ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን መደብ ንርቃሕን ቀዳምነት ተዋሂብዎም ይሰርሓሉም ከምዘሎ ጠቒሱ፡ ምሕደራ ንብረትን ገንዘብ መንግስቲን ንምዕቃብ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ናይ’ቲ ዞባ ዘለዋ መኻዚኖታት ዘለወን ትሕዝቶን ኩነታተንን መጽናዕቲን ተፍቲሸን ብምኽያድ ዝተመዝገቡን ዘይተመዝገቡን ንብረት መንግስቲ ብግቡእ ክትሓዙ ኣተሓሳሰበ።

ኣብ መወዳእታ ስልጠንቲ ዝተዳለወሎም ናይ ምስክር ወረቐት ተቐቢሎም።

# ማእከል - ብሞያ ዝሰልጠኑ 295 መንእሰያት ተመሪቖም



ስእሊ. ፍያሜት መስፍን

ኣብ ንኡስ ዞባ በሪኽ፡ ካብ 3 ክሳብ 6 ኣዋርሕ ብሞያ ዝሰልጠኑ 295 መንእሰያት፡ ብ6 ሰነ ተመሪቖም።

ሰልጠንቲ ብስነ-ጽሑፍ፡ ኣተኣላልያ ፊልም፡ ኣጸሓሕፋ ግጥምን ልብ-ወለድ ዛንታን፡ ከምኡ'ውን ብቐዳማይ ረድኤት'ዩም ብግብርን ክልሰ-ሓሳብን ሰልጢኖም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ በሪኽ ኣቶ ተስፉ ፍስሓጽዮን ብወገኑ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ሞያ ብግብራዊ ስራሕ ብምትርጓም መጻኢኦም ከውሕሱ ድሕሪ ምዝኽኻር፡ ነቲ ስልጠና ንዝወደበ ሃመመተኤን መሻርኽቱን ኣመስጊኑ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ኣቶ ሳምሶም ክፍለ ድማ፡ ብቑዕ ሞያ ዝቐሰመ መንእሰይ፡ ኣብ ህንጸት ሃገር ዓቢ እጃም ከምዘለዎ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ስልጠና ብስራሕ ከዕብይዎ ተላቢዩ።

# ኣፍዓበት- እቶት ሓረስቶት ንምዕባይ ይስራሕ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት፡ ኣገባብት ማሕረስ ብምምዕባል ምህርቲ ብዓይነትን መጠንን ክብ ንምባል ብሚኒስትሪ ሕርሻ ክሰላሰል ዝጸንሐ ንጥፈታት ጸቡቕ ተቐባልነት እናረኸበ ምምጽኡ ተሓቢሩ።

ሓላፊ ሕርሻ ኣብ ን/ዞባ ኣፍዓበት ኣቶ ሓጎስ ጉብረትንሳኤ፡ ወጺኡ ዘሎ መደባት ብሓፈሻ ንኣሰን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ ድማ ብፍላይ ንምትግባር ዝዓለመ ሰፊሕ ንጥፈታት፡ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ከምእኻየደ ኣረዲኡ።

ክኢላ ልምዓት ዘራእትን ኣሕምልትን ኣቶ ዓብደራሕማን ያዕቆብ ብወገኑ፡ ትግበረ ቀዳማይ እብረ ንኣሰን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ ኣብ 2025 ኣተዓብዩ ከምዝዘበረ ብምግላጽ፡ ዝኢ ብምስፋሕ ህይወት ሓረስቶት ብዓይነት ንምቕያር ብዕቱብ ይስራሕ ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ምሩጽ ዘርኢ ዕፉን ኣብ ወርሒ መስከረም ኣብ ምምሕዳራት ከበቢ ኩብኩብ፡ ናሮ ኣንሰን ኣፍዓበትን፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ድማ ኣብ ኣየጣሓልን ቅላመትን ኣብ 1000 ትርብዒት ሜትሮ ተፈቲኑ፡ ካብ 5 ክሳብ ኣስታት 9 ኩንታል እቶት ከምእተረኽበ'ውን ኣብሪሁ።

ልዑል እቶት ካብ ዝረኸቡ ሓረስቶት ኣየጣሓል - ኣብከታዊ ሓረስታይ መሓመድ ዐስማን ሓምድ-ኑር፡ መምርሒ ሞያውያን ሕርሻ ተኸቲሉ ብዝዮደ ጻዕሩ፡ ርቡሕ እቶት ከምዝሓፈሰ ኣረዲኡ።

መደብ ንኣሰን ርቡሕን ቃጽያ ሕርሻ ብግቡእ ዘተግበረ ኣቶ መሓመድ ዐስማን፡ ኣብዚ እዋንዚ ብርኽት ዝበለ ከብቲ ኣጣልን ደርሁን ኣለውኦ።



ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ኦዲተር ስልጠና ሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ኦዲተር፡ ካብ ሚኒስትሪታት፡ ምምሕዳር ዞባታት፡ እዝታት ሓይልታት ምክልኻል፡ ብዓል-መዚታትን ካልኦት ኣብያተ-ጽሕፈት መንግስትን ንዝተዋጸኡ 44 ውሽጣዊ ኦዲተራት፡ ንሓደ ሰሙን ዝቐጸለ ስልጠና ኣብ ኣስመራ ሂቡ።

እቲ ስልጠና፡ ሌላ ምስ ውሽጣዊ ኦዲት፣ ሓፈሻዊ ኣምር ውሽጣዊ ቁጽጽር፣ ኣብ ተኽእሎታት ስግኣት ዝተመርኮሰ ስትራተጂን ዓመታዊ ውጥንን ውሽጣዊ ኦዲት፣ ኣቀራርባ ኦዲትን ገምጋም ብጌጋ ዝቐረበ ጸብጻባትን፣ ምክትታል ጸብጻብ ኦዲት፣ ኣተሓሕዛ ሰነዳት፣ ከምኡ'ውን መንግስታዊ ስርዓት ኣተሓሕዛ ሕሳብን ኣቀራርባ ጸብጻብን ዝብሉን ካልኦትን ኣርእስትታት ዝሸፈነ ነይሩ።

ብ5 ሰነ ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት፡ ጠቕላሊ ኦዲተር ኣቶ ጉብረእግዚኣብሄር ጉብረመድህን ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ እቲ ስልጠና - ኣብ መምርሒታት ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ከምኡ'ውን ኣብ ኣህጉራዊ መለክዒታት ውሽጣዊ ኦዲት ብምምርኳስ፡ ኣብ ትካላት መንግስቲ ውሕሉልን ኣድማዕን ምሕደራ ፋይናንስን ንብረትን ከምዝህሉን ቀጻሊ ምምሕያሻት ንምግባርን ዓሊሙ ከምእተኻየደ ገሊጹ።

“ድልዱል ውሽጣዊ ኦዲት ምህላው ሕርያ ዘይኮነ ግድነታዊ'ዩ” ዝበለ ኣቶ ጉብረእግዚኣብሄር፡ ንምሕያሉን ምቹእ ባይታ ስራሕ ንምፍጣርን ኩሉም ሓለፍቲ ትካላት መንግስቲ ክጽዕቱ ብምጽዋዕ፡ ቤት-ጽሕፈት ጠቕላሊ ኦዲተር ጠለባት ትካላት መንግስቲ ንምምላእ ከም ዝሰርሕ ኣረጋጊጹ።

# ጎኔ - ብልዕሊ 3 ሚልዮን ናቕፋ ናይ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ተሃኒጻ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎኔ - ምምሕዳር ከባቢ ደሉ፡ ብልዕሊ 3 ሚልዮን ናቕፋ ሓዳስ ናይ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ተሃኒጻ።

እዛ ብምትሕብባር ምምሕዳር ዞባ፡ ሓይልታት ምክልኻልን ነበርትን ዝተሰርሐት ቤት-ትምህርቲ፡ ሓሙሽተ መማሃሪ ክፍልታትን ካልእ ትሕተ-ቕርጻን ከምእተጠቓለለ፡ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ ሓላፊ ጨንፈር ወጥን ከተማታትን ህንጻት ኣባይትን ኢንጅነር መንግስትኣብ ብርሃ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ደሉ ኣቶ ኣበየ ሻንዲ ብወገኑ፡ ህንጸት ናይ መባእታ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ‘ኢየማሳ'፡ መርኣያ ናይ'ቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ ዝተዋደደ ዘሎ ጻዕሪ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ነበርትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ንዝገበርዎ ኣበርክቶ ኣመስጊኑ።

ሓለቓ ስታፍ ብርጌድ - ምኽትል ተለንት ሃብተማርያም ጉብረመስቀል ብወገኑ፡ ሰራዊት ምስ ህዝቢ ብምትሕብባር ኣድማዒ ልምዓታዊ ንጥፈታት ይዓምም ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ህንጻት ናይ'ታ ናይ መባእታ ቤት-ትምህርቲ መቐጸልታ ናቱ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ፍራንኮ ኮጥበ ኣኒያዲ ስራሕ ንኡስ ዞባ ጎኔ ኣቶ የማነ መሓሪን ኣብ መወዳእታ፡ ተሳታፍቲ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ብሓፈሻ ናይ ደቀኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ክብ ንምባል፡ ወለዲ ዕቱብ ጻዕሪ ክገብሩ ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ'ቲ ናይ መመረቕታ ስነ-ስርዓት፡ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መደብ ቀሪቡ።

# ኣስመራ - ምርኢት ኳያርን ቅዲ ክዳንን ተኻዪዱ

ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ብኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ዝተወደበ ምርኢት ኳያርን ቅዲ ክዳንን፡ ብ5ን 6ን ሰነ ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ዝተረኽበሉ ብ5 ሰነ ኣብ ኣዳራሽ ሲነማ ኣዝመራ ዝቐረበ ምርኢት ኳያር፡ ወኪል ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ማእከል ኣቶ መለስ ንጉሰ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣቕራብቲ ናይ'ቲ ብኦፔራዊ ጥበብ ዝተሰነየ ዕዮ፡ መንእሰያት ተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ከምዝኾኑ ገሊጹ።

ምርኢት ዘቕረበት ጉጅለ ኳያር፡ ኣብ 2018 ዝተመስረተትን ኣብ ትሕቲ ጽላል ማሕበር ኤርትራውያን ሙዚቀኛታት እትንቀሳቐስን ኰይና፡ ኣስታት 50 ተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ሓቚፋ ከምትርከብ ተሓቢሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ብ6 ሰነ - ካብ 11 ክሳብ 25 ዓመት ዝዕድመኦም ብርክት ዝበሉ ዲዛይነራትን ሞዴላትን ዝተሳተፍዎ፡ ንብዙሕነትናን ኣብኡ ዘሎ ጽባቐን ዝገልጽ ምርኢት ቅዲ ክዳን፡ ኣብ ኣዳራሽ ሆቴል እምባሶይራ ቀሪቡ።

ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ማሕበር ዲዛይነራትን ሞዴላትን ኤርትራ ኣቶ ኣብርሃም ስልጣን፡ ባህልና ሕላገት መንነትና ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ማሕበር ከምዚ ዓይነት ምርኢት ዘቕርብ ዘሎ ንመበል 11 ግዜኡ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄራር |
| 14:30 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 15:00 | ህርመት |
| 16:20 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዶክመንታሪ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ሳሙኤል ገብረብርሃን

## "ሻህ-ማት" ጸወታ ኢራናዊያን

ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት 2026፣ ዞባ ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ሓደ ኣዝዩ ተኣፋፊ፡ ኲናት ዝመጽእ ክፍሉ-ዘመናት ክውስን ኣብ ዝኽእል ታሪኻዊ መድረኽ ይርከብ። ሰማይ ናይቲ ዞባ ብትኪ ዝተራቐቑ ሚሳይላትን ብሰብ ዝሰርሖ ብልሒን ዝምርሖ ዘመናውያን ድሮናትን ተሸፊኑ፣ ምጽኣት ደምሳሲ ኲናት ኣንጸላልዩ ሓሚዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ እዋን፣ ኑቲ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ብወተሃደራዊ ዓቕሚ ወይ ብቑጽሪ ኣጽዋር ጥራይ ክንዕቅኖ ምፍታን፣ ንታሪኽን ባህላዊ መንነትን ናይቲ ዞባ ዕሽሽ ምባል እዩ። ንኢራን (ጥንታዊት ፋርስ) ንምርዳእ፣ ካብቲ ኣብ መላእ እቲ ዞባ ዝኾድድ ዘሎ ወተሃደራዊ ግጭት ንላዕሊ፣ እታ ኣብ ኣእምሮን ኢድን ኢራናውያን እትርከብ ንእሽቶ ዕንጨይቲ ሻተራንጅ (Shatranj) ዚያዳ ትዛረብ።

ሻተራንጅ ዓይነት ጸወታ እዩ። ንፋርሳውያን ግን ተራ መሕለፊ ግዜ ጸወታ ጥራይ ኣይኮነን። እቲ ጸወታ ፍልስፍና ህይወት፣ ስሩ-ጥቡብ ተጻዋርነትን ካርታ ስትራተጂን ስልቲን ኲናት እዩ። እቲ ሎሚ ኣብ መንጎ ኢራን ኣመሪካን እስራኤልን ዝኾድድ ዘሎ ኲናትን ዲፕሎማሲያዊ ጸወታን ድማ ምስ ሓደ ዓቢ ሰሌዳ ሻተራንጅ ዝመሳሰል ኮይኑ ትረኽቦ።

ታሪኽ ሻተራንጅ ካብ ጥንታዊት ህንዲ (ቻቱራንጋ) ተበጊሱ ኣብ መበል 6ይ ክፍለ ዘመን ናብ ግዝኣት ሳሳኒድ ፋርስ ከም ዝኣተወ ይፍለጥ። ይኹን እምበር፣ እቶም ፋርሳውያን ኑቲ ጸወታ ተቐቢሎም ጥራይ ኣይተዓገሱን። የግዳስ ናይ ገዛእ ርእሶም ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ትርጉም ብምሃብ ኣመሓይሽምዎ። እቲ "ሻህ" (ንጉስ) ዝብል ሲያመ ንባዕሉ ካብ ቋንቋ ፋርስ ዝመጸ እዩ። ጸወታ ምስ ተወድአ ዝድመጽ፡ "ሻህ-ማት" (ንጉስ ሞይቱ ወይ ተሳዒሩ) ዝብል ቃል እቲ ሎሚ ኣብ መላእ ዓለም "Checkmate" ዝበሃል ዘሎ እዩ። እዚ ጸወታ እዚ ንፋርሳውያን ንጉሳውያን ስድራቤትን ወተሃደራዊ መራሕትን ከም ናይ ኣእምሮ ልምምድ ኮይኑ የገልግል ነበረ። ቡቲ ቀደም ዘመን፣ ሓደ መራሒ ኲናት ቅድሚ ናብ ሓቀኛ ግጥም ምውፋሩ፣ ኣብ ሰሌዳ ሻተራንጅ ክልተ ግዜ ክዕወት ናይ ግድን ነበረ። እዚ ድማ ኲናት ብሓይሊ ዘይኮነስ ብስልታዊ ብልሒ ከም ዝዕወት ዘርኢ ቀዳማይ ትምህርቲ እዩ። ቀስ ብቐስ እቲ ጸወታ ብመንገዲ ምስፍሕፋሕ ምስልምና ናብ ዓረባዊ ዓለም፣ ድሒሩ ድማ ብ711 ዓ.ም. ብመንገዲ ስጳኛን ኢጣልያን ናብ ኤውሮጳ ተዘርጊሑ። ይኹን እምበር፣ እቲ ናይ ፋርስ ስትራተጂያዊ ጽልዋ ኣብቲ ጸወታ ፈጺሙ ኣይጠፍኣን። ብሳላ እቶም ከም ሩሚን ፊርደውሲን ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ገጠምቲ'ውን፣ ሻተራንጅ ከም መግለጺ ትዕድልቲ ወዲ ሰብን ስልታዊ ብልሕን ኮይኑ ብምቕራብ፣ ኣካል እቲ ሱር ዝሰደደ ባህላዊ መንነት ፋርስ ክኸውን በቒዑ እዩ።

ኣብዚ ሕጂ ዘሎ ውግእ 2026፣ እቲ ኣብ ሻተራንጅ ዝርአ ስልታዊ ምንቅስቓስ፡ ምስቲ ኢራን ገጢሙዋ ዘሎ "ዘይተመጣጠነ ኲናት" (Asymmetric Warfare) ንምብዳህ እትኽተሎ ዘላ ሜላታት ዝመሳሰል ኮይኑ ንረኽቦ። ኣብ ሻተራንጅ፣ እቲ ዝበለጸ ተጻዋታይ እቲ ብዙሕ ዓወት ዝሓፈሰ ዘይኮነስ፣ እቲ ንጸላኢኡ ናብ ዘይተጸበዮ መጻወድያ ዘእቱ እዩ። ኢራናውያን ኣብ ስልቲ ኲናቶም "ስትራተጂያዊ ተጻዋርነት" ከም ዓቢ መሳርሒ ይጥቀሙሉ። ከምቲ ሓደ ተጻዋታይ ሻተራንጅ ንሓንቲ ምንቅስቓስ ሰዓታት ዝሓስበላ፣ ኢራን እውን ኣብ ዞባዊ ፖለቲካ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝጸንሕ ትልሚ ሒዛ ዝጸንሐት ትመስል። ምዕራባውያን መራሕቲ መብዛሕትኡ ግዜ ብናይ ምርጫ ዓመታት (4 ወይ 5 ዓመት) እዮም ዝሓስቡ። ኢራናውያን ግን ኣዝዩ ነዊሕ ጠመተ ዘለዎም ይመስሉ። እዚ "ናይ ነዊሕ ግዜ ጸወታ" ምጽዋት፣ ሓደ ካብቲ ቀንዲ መለለዪ ሻተራንጅን ስትራተጂ ፋርስን እዩ። ንኣብነት፣ ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ሓጺር ግዜ ውጽኢት ንምምዝጋብ ብዓቢ ሓይሊ ክጥቅዓ ከለዋ፣ ኢራን ግን ኑቲ ጸቕጢ እናመጣጠነት፣ ኑቲ ግጭት ብምንዋሕ ንጸላእታ ከተድክም ዝመረጸት እያ ትመስል። እዚ ኣብ ሻተራንጅ "attrition" (ምድኻም) ተባሂሉ ዝፍለጥ ስልቲ እዩ።

ካልእ ምስ ሻተራንጅ ዝመሳሰል ስልቲ ኢራን፣ እቲ "መተካእታ ተዋጋእቲ" (Proxy Groups) ምጥቃም እዩ። ኣብ ሻተራንጅ፣ ንገስ ክዕቀብ እንከሎ፣ እቶም ካልኦት ተዋሳእቲ እዮም ናብ ቅድሚት ተሰሊፎም ዝዋግኡ። ኢራን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዘለዋ ጽልዋ ንምስፍሕፋሕ፣ ናብ ቀጥታዊ ኲናት ካብ ምእታው፣ ብበዙተፈላለዩ ከም ብዓል ሂዝቦላህ፣ ሑቲን ዕጡቓት ዒራቕን ገይራ ክትዋጋእ ትርአ ኣላ። እዚ ስልቲ እዚ ልክዕ ከም ጸወታ ሻተራንጅ ኮይኑ፡ እቶም ኣብ ቅድሚት ዘለዉ "ፓውንስ" (pawns) ይንቀሳቐሱ፣ ይሰውኡ፣ መስመር ይሕዙ፣ ንጸላኢ ድማ የዳኽሙ። እቲ ንገስ (ማለት እቲ ስርዓት) ግን ካብ ቀጥታዊ መጥቃዕቲ ተዓቂቡ ይጸንሕ። ሎሚ ኣብ 2026፣ እቲ ሑቲ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝፈጥርዎ ዘለዉ ጸቕጢ ወይ ሕዝቦላህ ኣብ ሰሜን እስራኤል ዝገብሮ ዘሎ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ፣ ልክዕ ከምቶም ኣብ ሰሌዳ ቻስ ንጸላኢኻ ፋሕ ኣቢልካ እትሕዝሉ ተዋሳእቲ እዮም። ኣመሪካን እስራኤልን ነዞም ተዋሳእቲ ንምጥቃዕ ብዙሕ ሃብትን ሓይልን ከባኽኑ ከለዉ፣ እቲ ምንጪ ሓይሊ ግን ኣብቲ ሰሌዳ ብጥንቃቐ ተሓቢኡ ይጸንሕ።

ኣብ ሻተራንጅ፣ "መስዋእቲ" ዓቢ ትርጉም ኣለዎ። ሓደ ተጻዋታይ ንሓደ ዓቢ ዓወት ክብል ንሓደ ኣገዳሲ ተዋሳኣይ ከም ዝወሰድ ወይ ከም ዝበላዕ ክገብሮ ይኽእል እዩ። ኢራናውያን እውን ኣብ ስልቲ ኲናቶም፣ ንሓጺር ግዜ ዝመጽእ ክሳራታት ወይ ጸቕጢ ከም መስዋእቲ ይርእዩዎ። እቲ ዕላማ ኑቲ ጸወታ ምዕዋት ደኣ እምበር፣ ኩሉ ግዜ ብዘይ ክሳራ ምግዓዝ ኣይኮነን። እዚ ድማ ኢራን ኣብ ዓለምለኻዊ መድረኽ ምስ ሓያላን ሃገራት ኣብ እትገብሮ ዘተን ወተሃደራዊ ምፍጣጥን ብንጹር ደርአ ኣሎ። ጸላኢ ኣብ ሓደ ኩርናዕ ታክቲካዊ ዓወት ዝረኸበ ምስ መሰሎ፣ ንኣብነት ብምቕታል ሓደ ዓቢ ወተሃደራዊ መራሒ፣ ኢራናውያን ኣብ ካልእ ዘይተጸበዮ ኩርናዕ ሓድሽ ግንባር ይኸፍቱ። እዚ ድማ ኑቲ መጋጥምቲ ኣብ ቀጻሊ ጭንቀትን ምጥርጣርን ከም ዝኣቱ ይገብሮ። እቲ "ስትራተጂያዊ ዕምቈት" ዝበሃል ጽንሑ-ሓሳብ፡ ኣብ ሻተራንጅ ሓደ ተጻዋታይ ንጸላኢኡ ካብቲ ማእከል ሰሌዳ ኣርሒቑ ናብ ኩርናዕ ክሰጎ እንከሎ ዝጥቀመሉ ብልሒ እዩ። ኢራን ኣብዚ ሕጂ እዋን ንእስራኤል ብበዙሕ ኣንፈት ብምኽባብ፣ እቲ ኲናት ኣብ መሬታ ዘይኮነስ ኣብ ደገ ክኸውን ብምግባር ኽዚ ስልቲ'ዚ ተተግብር ዘላ ትመስል።

ሓደ ካብ መግለጺ ኢራናውያን "ኣላሚ ምንጻፍ" ዝብል ምስላ እዩ። ሓደ ምንጻፍ-ፋርስ ዝኣልም ሰብ፣ ንኣዋርሕ ወይ ንዓመታት ብትዕግስቲ ንፍሲ ወከፍ ፈትሊ እናኣተሓሓዘ እዩ ኑቲ ድንቂ ስራሕ ዘውድኦ። ሻተራንጅ እውን ከምኡ እዩ፤ ሓንቲ ጌጋ ንበምሉኡ እቲ ጸወታ ክተበላሽዎ ትኽእል እያ። ኢራናውያን ወተሃደራዊ መራሕቲ፣ ኣብ ምሉእ ማእከላይ ምብራቕ ዝተዘርግሐ ናይ ጽልዋ መርበብ ንምፍጣር ንዓሰርተታት ዓመታት ብትዕግስቲ ሰሪሖም እዮም። እዚ መርበብ እዚ ልክዕ ከምቲ ኣብ ሻተራንጅ ዝርአ "ጥሙር ምክልኻል" (Interlocking Defense) እዩ። ሓደ ተዋሳኣይ ምስ ዝጥቃዕ፣ እቲ ካልእ ይከላኸለሉ፤ እቲ ጸላኢ ድማ ነናይ ቀዳምነት ሂቡ ክወቅዕ ከም ዘለዎ ይደናገር። ሎሚ ኣብ 2026፣ ኣመሪካን እስራኤልን ነዚ መርበብ'ዚ ንምብታን ብዙሕ ቴክኖሎጂን ሓይልን ይጥቀማ ኣለዋ፣ ይኹን እምበር እቲ "ምንጻፍ" ፋርስ ብጥንቃቐ ዝተኣልመ ስለዝኾነ፣ ሓደ ፈትሊ ስለዝተበጠሰ ጥራይ እቲ ስራሕ ኣይፈርስን እዩ።

ኣብ መንጎ ሻተራንጅን ስልቲ ኲናት ኢራንን ዘሎ ዝምድና ኣብቲ "ናይ ኣእምሮ ልዕልና" (Psychological Dominance) ዝብል ነጥቢ እውን ይረኣ'ዩ። ኣብ ሻተራንጅ፣ እቲ ጸወታ ገና ከይተወድአ፣ ሓደ ተጻዋታይ ብኣእምሮኡ ተሳዒሩ ኢዱ ክህብ ይኽእል እዩ። ኢራን ኣብቲ ዞባ እትጥቀመሉ "ናይ መፈራርሒ ስልቲ" ልክዕ ከምዚ እዩ። ብዘይ ቀጥታዊ ኲናት፣ ሓደ ወገን ንኢራን እንተወቒዑ ዝመጽእ መዘዘ ከቢድ ከም ዝኸውን ብተግባር ብምርኣይ፣ ጸላኢ ናብቲ ጸወታ ከይኣትወ ከም ዝሰግእ ትገብሮ። እዚ "ቼክ" ምባል ጥራይ እዩ፤ እቲ ንገስ ኣይተቐትለን፣ ግን ካብ ቦታኡ ክንቀሳቐስ ከም ዘይክእል ተገይሩ ኣሎ። ኣብዚ 2026 ዘሎ ምፍጣጥ፣ ኢራን ኑቲ ሰሌዳ ብምስፋሕ፣ ዓለምለኻዊ መስመራት ንግዲን ቀረብ ነዳዲን ከም ሰራዊት ሻተራንጅ ትጥቀመሎም ኣላ። እዚ ድማ ኑቲ ጸወታ ካብ ወተሃደራዊ ዓውዲ ናብ ቁጠባዊ ዓውዲ ብምስጋር ንጸላእታ ብኣእምሮ ደርብዮም። እቲ "Zugzwang" ዝበሃል ስልቲ፣ ንጸላኢኻ ናብ ዘይደልዮ ምንቅስቓስ ምግዳድ፣ ሎሚ ኣብቲ ቀንዲ መጻብቦ ዓለምና ብንጹር ይረኣ ኣሎ። ምዕራባውያን ሓይልታት ኑቲ መስመር ንምክልኻል ቢልዮናት ዶላር ክኸስሩ ከለዉ፣ ኢራን ግን ብውሑድ ወጻኢታት ኑቲ ዓለምለኻዊ ቁጠባ ኣብ ሰግኣት ብምእታው ከም ጸቕጢ ኑብሰ ምክልኻል ትጥቀመሉ ኣላ።

ኣብዚ 2026፣ እቲ ናይ ሻተራንጅ ጸወታ ካብ ማእከላይ ምብራቕ ወጺኡ ምስ ዓለምለኻዊ ሓይልታት ተኣሳሲሩ ይርከብ። ኢራን ምስ ከም ብዓል ሩሲያን ቻይናን ዘለዋ ስልታዊ ምሕዝነት፣ ኣብቲ ሰሌዳ ሓደሽቲ ዓበይቲ ተዋሳእቲ ከም ዝወሰኹ ገይራ ኣላ። እዚ ድማ ኑቲ ጸወታ ካብ ዞባዊ ምፍጣጥ ናብ ዓለምለኻዊ ቅልውላው ከይቅይሮ ሰግኣት ፈጢሩ ይርከብ። ኣብዚ ሰሌዳ እዚ፣ ሓንቲ ጌጋ ንበምሉኡ እቲ ዓለምለኻዊ ሰላም ክተበላሽዎ ትኽእል እያ። ኢራን ነዚ ብምርዳእ፣ ንፍሲ ወከፍ ስጉምቲ ምስዞም ሓያላን ሃገራት ብምትእስሳር፣ ንመጋጥምታ ብዲፕሎማሲያዊን ወተሃደራዊን መዳይ ትብድሆም ኣላ። እዚ ድማ ኑቲ "Checkmate" ንምባል ዝግበር ጻዕሪ ዚያዳ ዝተሓላለኸን ሓደገኛን ይገብሮ።

ሻተራንጅ ንኢራናውያን ተራ ጸወታ ዘይኮነስ፣ መግለጺ ኣተሓሳስባ እዩ። እቲ ሰሌዳ ማእከላይ ምብራቕ እዩ፤ እቶም ተዋሳእቲ ድማ ሃገራት፣ ጉጅለታትን ወተሃደራዊ ዓቕምታትን እዮም። መጋጥምቲ ኢራን ከም ብዓል ኣመሪካን እስራኤልን ብታክቲካዊ መጥቃዕቲ፣ ቅትለት መራሕቲ ወይ ብምዕናው ትሕተ-ቅርጺ ክዕውቱ ወይ ንኢራን ክስዕሩዋ ይፍትኑ ኣለዉ። ይኹን እምበር፣ እቲ ቡቦግዚኡ ከመዝግቡዎ ዝጸንሑ ታክቲካዊ ዓወታት ናብ ስትራተጂያዊ ዓወት ዝቕየር ኣይመስልን። ምኽንያቱ ኢራን ኑቲ ጸወታ፣ ልክዕ ከም ሻተራንጅ ብትዕግስትን ብስልታዊ ምንቅስቓስን ንነዊሕ እዋን ክትጻወቶ ዝተዳለወት እያ ትመስል።

እቲ ዘሕዝን፣ ኣብዚ ብሰሌዳ ሻተራንጅ ተመሲሉ ዘሎ ኲናት ዝኾድድ ዘሎ ግጥማት፣ ዘለዉ ተዋሳእቲ ምሉእ ዓለምለኻዊ ቁጠባን ህይወት ሚልዮናትን ሰባትን ምዃኑ እዩ። ንኢራን ንምርዳእ፣ መጽሓፍ ታሪኽ ኲናት ጥራይ ምግላጽ እኹል ኣይኮነን። የግዳስ ኣብ ኢድ ሓደ ኢራናዊ ዘላ ንእሽቶ ዕንጨይቲ ሻተራንጅ፣ እታ ዝሓበኣት ናይ ስትራተጂ መምህር ምኻና ምግንዛብ የድሊ። ኣብዚ ግጥም'ዚ እቲ ናይ መወዳእታ "ሻህ-ማት" መን ከም ዝብሎ ገና ኣይተፈልጠን ዘሎ። ግን እቲ ብትዕግስቲ ዝተኣልመ ስትራተጂ ፋርስ ንሓያላን ዓለም ኣብ ከቢድ ፈተና ኣውዲቑዎም ከምዘሎ ዝኽሓድ ኣይኮነን።





# ጸጋታት ባሕሪ

ተኽለ መንግስቱ

## ታሪኻዊ ኣመዓባብላ ሕጊ ባሕሪ (Law of the Sea)

ኣብ'ዚ ምዕቡል ዓለም ኣብርኩቶን ተራን ባሕሪታትን ውቅያኖሳትን፣ ብፍጥነት እናዓበየ ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ እዋን፣ እቲ ዝዘመናት ኣብ ስርሓት ዓሳ፣ መጉዓዝያን መራኸቢታትን ኣተኩሩ ዝነበረ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ባሕሪን ጸጋታቱን፣ ሕልፈ'ቲ ባህላዊ ኣገባብ ኣጠቓቕማ ጸጋታት ባሕሪታትን ውቅያኖሳትን ክኸውን ጀመረ። እዚ ክስተት ሕልፊ ቀጣቢዊ ምዕባለታትን ማሕበረ ቀጣቢዊ ኣገልግሎታትን ዝርገሐኡን ዕቤቱን፣ ድሕሪ ካልኣይ ኲናት ዓለም ኀሊሑ ብምርኣዩ፣ ነቲ ዝተራእየ ዕቤትን ዝርገሐን ድፍኢትን ሓይልን ንምውሳኽ፣ ጸጋታት ንምትእስሳርን ንምውህሃድን ሓደስቲ ኣገባብት ቴክኖሎጂ ሃሰው ንምባል ድርኺት ፈጠረ። እዚ ኣመት፣ ኣብ ምምዕባል'ቲ ባህላዊ ኣጠቓቕማ ጸጋታት ባሕሪ ከይተሓጽረ፣ ኣብ ዝሓለፉ ወለዶታት ዘይፍለጡን ኣብ ኣገልግሎት ዘይወዓሉ ዝነበሩ ጸጋታትን ብፍላይ ከኣ፣ ንምዝመዛ ማዕድናትን ተተኳሒ ጸዓትን ዕድል ፈጢሩ።

ከም ውጽኢት ናይ'ዞም ምዕባለታት ሓደሽ ኣንፈት ሕጊ ባሕሪ ንምትእትታው ድርኺት ፈጠረ። ከም ታሪኻዊ ኣመዓቡብላ፣ ሕጊ ባሕሪ ከም ኣካል ምቁጽጻር ጉዕዞ ባሕሪ፣ ምንቅስቓሳት ኣቑሑን ደቂ-ሰባትን ይረአ ነይሩ። ድሒሩ ግን፣ ከም ሕጊ ናይ'ቲ ዝዓበየ ክፋል ዓለምና ዝተሸፈነ ማያዊ ኣካል ምግባት ዝረአ ዝነበረ ሕቶ ይግባኣኒ ሃገራት ከገልግል ጀመረ።

እዚ ተርእዮ/ክስተት ብኣዋጅ ትሩማን (Truman Proclamation) 1945 ዝፍለጥ ብዞዕባ ክፍለ-ዓለማዊ ኣርከን ዝጀመረን ንዋሕዚ ሕቶ ይግባኣኒ ናይ ካልኦት ወሰንቲ ባሕሪ ወይ ውቅያኖስ ዝኾና ሃገራት ባይታ ዘንጸፈን'ዩ። እዚ ተኸታታሊ ተግባር ሃገራት፣ ኣብ 1958 ኣብ ጀኔቫ ብዞዕባ ሕጋዊ ኣገባብ ዓለማዊ ኣርከን ዝምልከት ኣብ ዝተገብረ ዋዕላ/ኣኼባ ብጥርኑፍ ተንጸባሪቑ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ከኣ፣ ብመሰረት ንዓለም ለኻዊ ሕጊ ወሰንቲ ገምገም ባሕሪ ዝኾና ሃገራት ካብ'ቲ ግቡእ ግዝኣታዊ ማያተን ይሓልፉ ምንባረን ተረጋጊጹ።

ምዕባለታት ናይ'ቶም ኣብ 1958ን 1960ን ኣብ ጉዳይ ሕጊ ባሕሪ ኣመልኪቶም ዝተጋብኡ ዋዕላታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ ንድሌት ምቛም ሓድሽን ኣጠቓላሊ ተቐባልነት ዘለዎን ውዕል ሕጊ ባሕሪ ብንጹር ኀሊሑ ከም ዝረአ ገበሩ። ብተወሳኺ፣ ኩሎም ብደሆታትን ማሕለኻታትን ባሕሪታትን ውቅያኖሳትን ንሓድሕዶም ዝተዋሰቡን ዝተሓላለኹን ብምዃኖም ኣብ ክንዲ ብተናጸል ብሓባራዊ/ብጥሙር ክረኣዩን ናይ ሓባር መፍትሒ ክናደየሎምን ዝበል ንቕሓት ፈጠረ።

ስለዚ ካብቶም ኣቐዲሞም ክረኣዩ ዝጸንሑ ተርእዮታት ብምብጋስ፣ ኣብ 1982 ኣብ ሕጊ ባሕሪ ኣተኩሩ ኣብ ዝተጋበአ ዋዕላ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ እዚ ሕጊ ብወግዒ ተኣወጀ። ሕቶ ይግባኣኒ ገምገም ባሕሪ ናይ ሃገራት እናዓበየ ምምጽኡ፣ እዚ ሕጊ ብጭብጥ ምስክርነቱ ሃበ። ኣቐዲሞም ክረኣዩ ዝጸንሑ ምጉት ዝርገሐ ልኡላዊ ግዝኣታዊ ማያዊ ኣካል (Territorial Sea) ንምኽታም 12 ናውቲካል ማይል ክኸውን ብምውሳን መዕለቢ ተገብረሉ። እዚ ኸኣ፣ ሕዙእ ናይ ቀጠባ ዞባ (Exclusive Economic Zone) ዝበል ብመሰረቱ ሓድሽ ኣምር/ጽንሰ-ሓሳብ ኣበገሰ።

ኣብ ትሕቲ'ዚ ኣምር፣ ወናኒት ባሕሪ/ውቅውያኖስ ዝኾነት ሃገር፣ ካብ'ቲ ልኡላዊ ግዝኣታዊ ማያዊ ኣካል ንምልካዕ እተጠቕመትሉ መበገሲ መስመር (Baseline) ክሳብ 200 ናውቲካል ማይል ዝርሕቀቱ ኩሎም ኣብ ባይታ ባሕሪ፣ ትሕተ ባይታ ባሕሪን ጽፍሒ ማይን ዝርከቡ ጸጋታት ንምምዝማዝን መጽናዕታዊ ንጥፈታት ንምክያድን ገደብ-ኣልቦ መሰል ክህልዋ ተወሰነ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ዓንቀጽ 47 ናይ'ዚ ሕጊ ባሕሪ ተገሊጹ ከም ዘሎ፣ ንሓንቲ እኩባት ደሴታት እትውንን ሃገር (Archipelagic State) ዝርገሐ ዋንነት ግዝኣታዊ ማያዊ ኣካላ (Territorial Sea) ንምልካዕ ንኣንፈት ባሕሪ ዝርከብ ጫፋት ናይ ኩለን ደሴታት፣ ዘራኽብ ሓደ ቀጥታዊ ናይ ሓሳብ መስመር ብምስኣል ከም መበገሲ ነጥቢ (Baseline) ንምጥቃም፣ ንመጀመርታ እዋን ከም ዓለምለኻዊ ሕጋዊ መሳርሒ ስልጣን ሃበ።

ብዘይካ'ዚ፣ ብመሰረት ሕጊ ባሕሪ ወሰንቲ ባሕሪ/ውቅያኖስ ዝኾና ሃገራት፣ ክሳብ 200 ናውቲካል ማይል ክፍለ-ዓለማዊ ኣርከን ክውንኦን ኣብ ባይታ ባሕሪን ትሕተ-ባይታ ባሕሪን ናይ'ዚ ክፍለ-ዓለማዊ ኣርከን ዝርከቡ ጸጋታት ንምምዝማዝ ደረት-ኣልቦ ናይ ምጥቃም መሰል ክህልዋ ተገብረ። ብተወሳኺ፣ ኩለን ኣባል ሃገራት ናይ'ዚ ሕጊ ባሕሪ፣ ኩሎም ምስ ሕጊ ባሕሪ ዝተሓሓዙ ጉዳያት ወይ ሕቶታት፣ ንታሪኻዊ ኣገዳስነት ናይ'ዚ ውዕል ኣብ ምስፋን ሰላም፣ ፍትሕን ገስጋስ ምዕባለ ናይ ኩሎም ሕብረተሰባት፣ ብመንፈስ ሓባራዊ ርድኢትን ምትሕብባርን መዕለቢ ዝፈጥር ምዃኑ ብምግንዛብ፣ ንጉብራውነት ቅልጡፍ ተበግሶታት ክወስዳ ተራእየን።

ብተወሳኺ፣ ምስረታ ሕጊ ባሕሪ፣ ሕጋዊ ስልጣን ናይ ኩለን ወሰንቲ ሃገራት ንምርግጋጽ፣ ዓለምለኸ መራኸቢታት ንምድንፋዕ ሕጋዊ ባሕራዊ ስርዓት ሓብሬታ ንምትእትታው፣ ሰላምን ጸጥታን ባሕሪታት ንምውሓስ፣ ምዕሩይን ቅርጡውን ኣጠቓቕማ ጸጋታቱን ንምርግጋጽ፣ ዕቃበ ህይወታውያን ጸጋታት ባሕሪ ንምውሓስ፣ መጽናዕታዊ ንጥፈታት ንምክያድ ከምኡ'ውን ምክልኻልን ዕቃበን ኣከባቢ ባሕሪ ዘውሕስን ዘቀላጥፍን ምዃኑ እምነትን ርድኢትን ናይ ኩለን ኣባል ሃገራት ምንባሩ ይገልጽ።

ከምኡ'ውን ዓወት ናይ'ዞም ዝተጠቕሱ ዕላማታት ናይ'ዚ ሕጊ፣ ንረብሓን ድሌታትን ኩሎም ኣህዛብ ዓለም ብሓፈሻ፣ ብፍላይ ከኣ ንረብሓን ድሌታትን ባሕሪ/ውቅያኖስ ዘውንኖን ዘይውንኖን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኣብ ግምት ዘእትወ ምዕሩይ ዕቤት ዓለማዊ ቀጠባ ዘረጋግጽ ምዃኑ ኣብ ኣእምሮ ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ሃገር ሓዲሩ ነበረ። ብተወሳኺ፣ ገስጋስ ትግባረ ሕጊ ባሕሪ፣ ኣብ ምሕያል ሰላምን ጸጥታን፣ ኣብ ማዕርነትን ፍትሕን ዝተመርኮሰ ምሕዝነታዊ ምትሕግጋዝን ሽርክነትን ናይ ኩለን ሃገራት ከምኡ'ውን ኣብ ምድንፋዕ ማሕበረ-ቀጣቢዊ ማሕበረሰብ ዓለም ዘረጋግጽ ምዃኑ እምነት ናይ ኩለን ኣባል ሃገራት ነይሩ። ብዘይካ'ዚ፣ ኣብ ዓንቀጻት ናይ'ዚ ሕጊ ዘይተሓቖፉ ጉዳያት ብዓለምለኻዊ ሕግታትን መትከላትን ዝመሓደሩ ምዃኖም ብንጹር ተገሊጹ'ሎ።

ብሓፈሻ ሕጊ ባሕሪ ኣብ ታሕሳስ 1982 ኣብ ዝተቓነየ ሳልሳይ ዋዕላ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናይ መወዳእታ መልክዑ ዝሓዘ ኮይኑ፣ ኣብ ሕዳር 1994 ከኣ፣ ኣብ ግብሪ ወዓለ። እዚ ሕጊ ንኹለን ኣባል ሃገራት ሕቡራት ኣውሮጳ ብምጥቕላል 168 ኣባል ሃገራትን ብዙሓት ትሕዝቶ ሕጊ እንዳባ ብምሕቋፉ ከም ዓለምለኻዊ ሕጊ ዝወሰድ ኮይኑ፣ ንኹሎም ኣብ ባሕሪታትን ውቅያኖሳትን ዝካየዱ ንጥፈታት ከም ሕጋዊ ስርዓት (Legal Framework) ዘገልግል መጻውር ብምዃኑ፣ ከም ሓቖፊ ሕገ-መንግስቲ ወይ ስርዓት ናይ ባሕሪታት/ውቅያኖሳት ይውሰድ። ምኽንያቱ ኩሎም ኣብ ባሕሪታትን ውቅያኖሳትን ዝኸሰቱ ጉዳያት በዚ ሕጊ/መሳርዕ ዝዳኾ ብምዃኖም'ዩ።

ከም ሕጋዊ መጻውር ባሕራዊ ሕገ-መንግስቲ መጠን፣ ምስ ካልኦት ናይ ምሕደራ ኣገባብት፣ መሳርሒታትን ዓለምለኻውያን ውድባትን ዝሳነን ዝመላላእን ኮይኑ፣ ሚዛን ረብሓታት ናይ ኩሎም ተዋሳእቲ ዘኽብርን ኣብ ምርድዳእ ዝተመርኮሰ ሕድገታት ዝጉብርን ብምዃኑ ከም ኣጠቓላሊ ስምምዕ ይውሰድ። ስለ ዝኾነ፣ እዚ ውዕል ሚዛን ረብሓታት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት፣ መሰል ተጠቃምነት ባሕሪታትን ጸጋታት ባሕሪን፣ ከምኡ'ውን ኣድላይነትን ግዴታን ዕቃበን ክንክንን ባሕሪታትን ኣከባቢ ባሕሪን የረጋግጽ።

ብተወሳኺ፣ እዚ ውዕል መሰልን ግዴታን ወሰንቲ ባሕሪ/ውቅያኖስ ዝኾና ሃገራት፣ ብመንጽር ፍቓድ ጉዕዞ ባሕሪ ናይ ካልኦት ሃገራት፣ ገደብ-ኣልቦ መሰልን ሓላፍነትን ወሰንቲ ባሕሪ ዝኾና ሃገራትን ድሩት ናጽነት ጉዕዞ ባሕሪ ናይ ካልኦት ሃገራት፣ ከምኡ'ውን መጻብቦን ጂኦግራፊያዊ ኣጸገምቲ ቦታታት ብመንጽር ርሒብን ጂኦግራፊያዊ ምቹኣት ቦታታት ሚዛን ዝሓሉ ብምዃኑ፣ ሚዛናዊ ባሕራዊ ሕገ-መንግስቲ ተባሂሉ ይስመ። ብዘይካ'ዚ፣ ሕጊ ባሕሪ ንኣባላትን ኣባላት ዘይኮና ሃገራትን ብማዕረ ዘገልግል ብምዃኑ "ኣድማሳዊ ሕጊ" ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ"ዩ።

ህላወ ደረት-ኣልቦ ዓለምለኻዊ ምትሕብባር፣ ግዴታ ምትሕብባር ሃገራት ብዞባውን ክቡቢያውን ደረጃ ከምኡ'ውን ብዓለምለኻውያን ውድባትን ካልኦት ትካላትን ተቐባልነት ምርኩብን ተወዳዳሪ ምዃንን ገለ ካብ ቀንዲ እምነ-ኩርናዕ ሕጊ ባሕሪ እዮም።


ኣብ ትሕቲ ጽላል ሕጊ ባሕሪ ዝተመስረታ ናይ ምሕደራ ኣካላት

1. ዓለምለኻዊ ቤት ፍርዲ/መጋባእያ ኣብ ሕጊ ባሕሪ፣ እዚ መጋባእያ ኣብ መንጎ ሃገራት ብዛዕባ ባሕሪታትን ውቅያኖሳትን ዝለዓል ዝኾነ ክርክራት ንምድናይ ኣብ 1996 ዝቖመ ኣካል እዩ። ኣብ መንጎ ኤርትራን የመንን ዝነበረ ክርክር ብዛዕባ ደሴታት ሓንሽን'ውን ኣብ'ዚ መጋባእያ ከም ዝተዳየ ይፍለጥ።


2. ዓለምለኻዊ ብዓል መዚ ባይታ ባሕሪ፣ ኣብ መጀመርያ ምሕደራን ቁጽጽርን ባይታዊ ጸጋታት ናይ'ቲ ብዓለምለኻዊ ማያትን ዝፍለጥ ማያዊ ኣካል፣ ኣብ ዓንቀጽ ሕጊ ባሕሪ ብንጹር ዘይተሓቑፈ ብምንባሩ፣ እዚ ብዓል መዚ ኣብ ባይታ ባሕሪ ናይ'ቲ ብዓለምለኻዊ ማያት ዝፍለጥ፣ ካብ ግዝኣታዊ ዋንነት ናይ ዝኾነት ሃገር ወጻኢ ዝርከብ ማያዊ ኣካል (International waters) ዝጎበር ምዝመዛ ማዕድናት ንምምሕዳርን ምቁጽጻርን ተባሂሉ ኣብ 1994 ዝቖመ ኣካል'ዩ።

3. ኮሚሽን ኣብ ሕጽረታት ክፍለዓለማዊ ኣርከን፣ ብመሰረት ሕጊ ባሕሪ ዝርገሐ ክፍለ-ዓለማዊ ኣርከን ናይ ሓንቲ ሃገር ክሳብ 200 ናውቲካል ማይል ይዝርጋሕ ዝበል ነይሩ። እንተኾነ ብመሰረት ተፈጥሮኣዊ ጂኦግራፍያዊ ኣቃውማ፣ ክፍለ-ዓለማዊ ኣርከን ናይ ገለ ሃገራት ልዕሊ 200 ናውቲካል ማይል ዝዝርጋሕ ብምዃኑ፣ ጥርዓናት ክቐርባ ብምጅማረን፣ ነዚ ሃጓፋት ንምምላእ ኣብ 1997 ዝቖመ ኮሚሽን'ዩ።

4. ውዕል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዕቃብ ዓሳታት፣ ብመሰረት'ቲ ኣብ 1982 ዝተዳለወ ሕጊ ባሕሪ ሰፊሩ ዘሎ ትሕዝቶ ብዛዕባ ምሕደራን ዕቃበን ሳገምቲን ዘይቀወምትን ዓሳታት፣ እዚ ውዕል ንዕቃበን ምሕደራን ኣብ ውሽጢ ማያዊ ግዝኣት ናይ ሃገራት ይኾኑን ክንዮኡ ዝርከቡ ጸጋታት ዓሳ፣ ተራን ምትሕብባርን ሃገራት ንምንጻርን ከምኡ'ውን ፍሉይ ምሕደራዊ ጠለብ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኣፍልጦ ንምሃብን ኣተኩሩ ኣብ 1995 ተዳልዩ ኣብ 2001 ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ስምምዕ'ዩ።



ኣብ ሕጊ ባሕሪ ዘተኮረ ሳልሳይ ዋዕላ ውድብ ሕቡራት



ኣብ ሕጊ ባሕሪ ዘተኮረ ሓባራዊ ጻዕሪ



ኣብ ሕጊ ባሕሪ ዘተኮረ ዋዕላታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት 1982

**ብምትሕብባር ሚ/ሪ ሃብቲ ባሕሪ ዝዳለ ዓምዲ**

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ-ሃለቃ)

## "ሎሚ መምህራንና፡ ካብ ኮለጃትና ዝፈረዩ መንእሰያት ደቂ ውሽጢ ሃገር እዮም"

### ሚ/ር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ

ስእሊ:- ኣብርሃም በየነ



*ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ኣብ ዝሓለፈ ተኸታቲሉ ክፋል ቃለ-መሕተትና፡ ብዛዕባ ኹነታት ጉዕዞ ትምህርቲ ሃገርና ኣብ ቀደም ዓሰርተታት ዓመታት እንታይ ከም ዝመሰለ፡ ምስ ሚ/ር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ኣዋጊዕና ከም ዝጸበርና ይዝከር። ንሎሚ ድማ 3ይ ክፋል ይስዕብ።*

**- ኣብ ትምህርቲ ንዓበይቲ፧**

ኣብ ትምህርቲ ንዓበይቲ እንተ መጺእና፡ 994 መምህራን ኣለዉና። እዞም 994 መምህራን ዝበልናዮም ኣብ'ቲ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት ዝጦፉ ጥራሕ ዘይኮኑ፥ ኣብቲ ሲ.ኢ.ኢ. ዝበልናዮ መደብ ዓርዮት ዝወፍሩ እዮም። ስለዚ እቲ ኹናት ብኹሉ ብቤት ትምህርቲ ምስራሕ በሎ፡ ብቐጻሪ ተመሃሮን መምህራንን፡ ክንርእዮ እንክለና ኣብ'ቲ ዝርገሐ ትምህርቲ ዝብል ዕድላት ትምህርቲ ኣብ ምኽፋት ዓቢ ወፍሪ ተኻይዱ እዩ፡፡ እቲ ሚ/ሪ ይኹን እቲ መንግስቲ ውጽኢት ዘርኣየሉ እዩ፡፡

ምናልባት ኣብ'ዚ ናይ 2ይ ደረጃ ክዝረበሉ ዘለዎ፡ ናይ ብሉቕ ትርጉም ከም ዘለዎ ዘርእየና ስጉምቲ፡ መንግስቲ ዝገበሮ ወፍሪ እዩ። ኣብ 2ይ ደረጃ ቅድሚ 10 ዓመትን ቅድሚኡን መምህራን መብዛሕትኦም ህንዳውያን እዮም ነይሮም። ኣብ'ዚ ግዜ እዚ ክንርእዮም እንክለና ግን፡ ህንዳውያን መምህራን ሓደ ክልተ እንተዘይ ኰይኖም ብምሉኡ ናይ ምምህርና ትካላትና ካብ ኮለጃትና ብዝፈረዩ መንእሰያት መምህራን ደቂ ሃገር እዩ ዝካየድ ዘሎ። እዚ ከኣ ቀሊል ውጽኢት ኣይኮነን፡፡

ኣብ'ዚ ዘይጠቐስኩዎ፡ እቲ ዝተረፈ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን እዩ፡፡ እዚ ክፍሊ እዚ'ውን ዓቢ ክፍሊ ኰይኑ፡ ዳርጋ ብዝበዝሐ ክንርእዮ እንክለና ሚ/ሪ ትምህርቲ ከባቢ 40 ሽሕ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ኣለዉና። ዝበዝሐ ካብኡ እቲ መምህር እዩ፡፡ ገሊኡ ከኣ ኣብቲ ክፍሊ ምሕደራ ዝሰርሑ እዩ፡፡ ሕጂ እዚ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ምስ ምሕደራን ሕቶን መምህራን ዝተኣሳሰር ከም ሕቶ ምቕያር፡ ጥርዓን ዝምልከት ዝከታተል እዩ፡፡ ብዓቢኡ ከኣ እቲ ፖሊሲታዊ ምንቅስቓሳት ዕማም ብኽፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን እዩ ዝመሓደር፡፡ ብዘይካ'ዚ እቲ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ሓደ 5 ዝኾና ጨናፍር ኣለዉኦ፡፡ እቲ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት፡ እዚ እንብሎ ዘለና ዓቢ ጽዕነት ናይ ዓቕሚ ሰብ ዝካየድ ኣሎ፡፡ ኣብ ርእሱ መፍረ ናውቲ ዝብል ጨንፈር'ውን ኣለና፡፡ እዚ እንታይ እዩ፥ ቅድሚ ናጽነት'ውን ዝጸንሐ ኰይኑ፥ እቲ ሚ/ሪ ዝሓቶ ጠለባት ምስ ምምሃር ምስትምሃር ዝተኣሳሰር ዝኾኑ ዓይነት መሳለጥያ ዝዳሉ እዩ፡፡ ምናልባት ምስ እዚኣን ኣተኣሳሲረ ክገልጾን ዝኽእል ዓቢ ወፍሪ ዝሓተና እንታይ እዩ፥ እቲ ናይ ቋንቋ ኣደ ፖሊስና እዩ። ምናልባት ካብ መዋእለ ህጻናት ጀሚርና ክሳብ መባእታ ዘሎ፡ ኩሉ ዜጋ ብቋንቋ ኣደኡ እዩ ዝመሃር፡፡ ብውሕዱ ኣብ ግዜኡ ክዛረቦን ክሰምዖን ዝኽእል ቋንቋ እዩ ዝመሃር ማለት እዩ፡፡ ስለዚ ከምኡ ክትገብር እንክለኻ፥ ብኹሉን ቋንቋታትና ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋና ማለት እዩ፡፡ እዘን ኣብያተ ትምህርቲ እዚኣን፡ ልክዕ ከምቲ ናይ መባእታ፡ ማእከላይ ደረጃ እናበልና ዝረኣናዮ፡ ኸናተን ዕብየት ኣለወን፡፡ ኣብ ርእሱ ኣብ'ቲ ብዝሒ ናይ ተመሃራይ'ውን፡ ዕብየት ኣለወን፡፡ ኣብ ሃገርና ሸዱሽተ ዞባታት እየን ዘለዋ፡፡ ሸዱሽተአን ዞባታት ድማ፥ ኣብዚ መምሃሪ ቋንቋ እንታይ ይመስሉ፥ ክንዲ ምንታይ ኣብያተ ትምህርቲ ኣለውኦን ሓንቲ ኣብኡ ክንወስድ ይከኣል እዩ፡፡ ኣብ ዓንሰባ እንተ ርኢና 133 ኣብያተ ትምህርቲ ብቛንቋ ኣደ ዝምህራ ነይረናና፥ ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን 146 ኣለዋና፡፡ ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ እንተ ወሲድና 36 ነይረን፥ ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን 52 ኣለዋ፡፡ ኣብ ደቡብ እንተ ወሲድና 217 ነይረን፥ 281 ኣለዋ። እቲ ብቛንቋ ኣደ ናይ ትምህርቲ ዕድል ምሃብ ብኻልእ ኣዘራርባ እንታይ ማለት እዩ፥ ንቲ ኣብ ርሑቕ ዘሎ ህዝቢ ኣብ ዓዱ ከይድኻ ቤት ትምህርቲ ምኽፋት እዩ፡፡ ስለ'ዚ ኑቲ ፖሊሲ ኣብ ምዕዋት ይሰርሕ ኣሎ፡፡ ብቐጻሪ እተን ብቛንቋ ኣደ ዝምህራ ኣብያተ ትምህርትን ብቐጻሪ ተመሃሮ እንተ ርኢናዮ'ውን ዓቢ ለውጢ ዝተረኣየሉ እዩ፡፡ ብ25 ሚእታዊት ኣብ ቀጻሪ ናይቲ ተመሃራይ ዕብየት ኣርእዩ ኣሎ፡፡ እቲ ብቛንቋ ኣደ ምምሃር ሕጂ ኣብ ናጽነት ዝመጽአ ፖሊሲ ዘይኮኑ፥ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ውልዶ እንክሎ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ፖሊሲ እዩ፡፡ ኩሉ ኤርትራዊ ብቛንቋኡ ክመሃር ኣለዎ፡ መሰሉ እዩ ዝብል እዩ፡፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ፥ ትምህርቲ ብቛንቋ ኣደኻ ክትመሃሮ እንክለኻ ብቐሊሉ ክርዳኣካ ስለ ዝኽእል፥ ካብ ቀደም ኣትሒዙ ዝኣተወ ፖሊሲ እዩ፡፡ ክሳብ ሕጂ ድማ፥ ንሰርሓሉ ኣለና፡፡ ናይ ብሉቒ ከኣ፥ እቲ ዕብየት ኣብ ኩሉ ተራእዩ እዩ፡፡ ምናልባት ኣብ ናይ ቋንቋ ኣደ መምህራን ክንመጽእ እንክለና፡ ኣብ ኩለን ዞባታትና ዋሕድን ጸገማትን ኣሎ፡፡ ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ብድሆታትና ከኣ እዚ እዩ፡፡

**- ኣብ ዝርግሐ ኣብያተ ትምህርቲ እቲ እንደልዮ ሸቶታት ንበጽሖ ኣለና ክንብል ንኽእል ዶ፧**

እቲ ሸፈነ ብኹሉ ሸነኻት እንተ ደኣ ርኢኻዮ፥ ብኣብያተ ትምህርቲ ብቐጻሪ ተመሃሮን መምህራንን ዳርጋ ኣብ መላእ ሃገር በጺሕናዮ ኢና ክንብል ንኽእል፡፡ ብፍላይ ናይ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ፥ ብዘይካ ኣብ ውሑዳት ዓድታት ጉዳፍ ኣብ ኩሉ ከባቢታትን ዓዲታትን ኣብያተ ትምህርቲ ኣለና፡፡ እቲ ናይ ማእከላይ ደረጃ ዳርጋ ተመሳሳሊ ዕብየት ኣርኢናሉ ኣለና፡፡ ኣብ 2ይ ደረጃ ክንመጽእ እንክለና፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓዲ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ክትገብር፡ ብዙሕ ተመሃራይ ንዕኡ ዘድሊ መምህር ክትምድብ ኣዝዩ ከቢድ ስለ ዝኾነ፥ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓድን ምምሕዳር ከባቢን ኣይበጻሕናን ኣለና። ብውሕዱ ግን ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ን/ዞባ 2ይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋና። ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ዘይብላ ን/ዞባ የላን፡ ንመጻኢ ከኣ ዳርጋ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ከባቢታት እቲ ንሓልሞ ደረጃ ክንበጽሕ እዩ መደብና፡፡ እቲ ናይ ማእከላይን 2ይን ደረጃ ሓደ-ሓደ ግዜ፥ ብዙሕ ተመሃራይ ኣጸቢቑ ዋሕዲ እንተ ደኣ ኣሎ፡ ንኣብኡ እታ ቤት ትምህርቲ ምስ ከፈትካያ ብታሕቲ ኣብ መባእታ እናተመሃሩ ዝመጽኡ ንማእከላይን 2ይን ደረጃ ዝምጥቡ ተመሃሮ ክህልዉ ኣለዎም፡፡ ሕጂ ኣብ ከም'ዚ ዝጠቐሶ ዘለኹ ከባቢታት፥ ሓደ-ሓደ ግዜ እቲ ቁጽሪ ተመሃራይ ሒጋዚ ኣይከውንን እዩ፡፡ ኣብ ገለ ከኣ ምስ ኩሉ ወጻኢታት ይኹበድ፡፡ ኣዚ ፍታሕ ዝኑብር ግን ሓደ ጥበብ ኣለና፡፡ ኣሕደርቲ (ቦርዲን) ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋና፡፡ ብፍላይ ኣብ ዞባታት ደቡባውን ሰሜናውን ቀይሕ ባሕሪ፡ ጋሽ ባርካን ዓንሰባን ኣሕደርቲ ቤት ትምህርቲ ኣለዋ፡፡ ኣብ ደቡብ እውን ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ኣላትና፡፡ እዘን ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ እዚኣን እተን ዝበዝሓ ተቐቢለን ኣብኡ ዝምህራ ክኾና እንክለዋ፡ ገሊኣን ከኣ መደቀስን መመገብን ዘማልኣ እየን፡፡ እዚ ንምንታይ እዩ ከምኡ ተገይሩ እንተደኣ ኢልና፡ ንኹሉ ከባቢታት እቲ ዕድል ናይ ትምህርቲ ብዘይ ጸገም ንምብጻሕ ዝዓለመ እዩ፡ ንኣብኡት ኣብ ዞላ እንተደኣ ወሲድና ማእከላይ ደረጃ ኣለና፡ 2ይ ደረጃ ግን የብልናን፡፡ ስለ'ዚ ኣብ ዞላ ዘሎ ህዝቢ፥ ማእከላይ ደረጃ ምስ ወድአ ናብይ ክኸይድ እዩ፧ ናብ ብዓል ፎሮ ክመጽኡ እንተደኣ ኰይኖም ግዛ ተኻርዮም እዮም ክነብሩ። ኣዚ ዝጸውር ህዝብና ከኣ፥ ውሑድ እዩ፡፡ ስለ'ዚ ኣዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ምስ ራሕቂ ዝጽገሙ ሰባት፥ እቲ ቦርዲን ኣብያተ ትምህርቲ ምግባር፡ ወጽኢታዊ ይገብሮ፡፡ ከም ኣብነት ኣብ ዞባ ማእከል ድርፎ እንተ ደኣ ወሪድና፡ ማእከላይ ደረጃ ኣለና፡ 2ይ ደረጃ ግን የብልናን፡፡ 2ይ ደረጃ ክመሃሩ እንተ ኾይኖም፡ ኣስመራ ክመጽኡ ኣለዎም፡፡ ካብ ኣስመራ ናብ ግዝኦም መዓልታዊ ክመላለሱ ኣይክእሉን እዮም፡ ስለ'ዚ ተኻርዮም እዮም ክመሃሩ፡፡ ኣዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ተመሃሮና ወይ ዝተወጸዐ ህዝብና እቲ ትምህርቲ ብዝዮንበጽሐ ንምብጻሕ እዘን ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ኣገልግሎተን ይህባ ኣለዋ፡፡

ካልእ እዘን ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርቲ ጥራሕ ዘይኮናስ ሓውሲ ቦርዲን እንብለን ኣለዋና፡፡ ተመሃሮ ምስ ስድራኦም ከይዶም እዮም ዝሓድሩ፥ ኣብ ቤት ትምህርቲ ግን ይቖርሱን ይምስሑን፡፡ እዚ ከኣ እቲ ናይ ቀነበብ ጸገም ዘለዎ፡ ብሰሪ ስእነትን ራሕቂ ቦታን ካብ መኣዲ ትምህርቲ ንኸይበኩር ዝተገብረ ወፍሪ እዩ፡፡ ዝበዝሐ ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ እቲ ዓድታት ኣዝዩ ርሑቕን ዝተፈናተተን ቦታታት ስለዝኾኑ ከምዝን ዝጠቐስኩልካ ብዙሓት ከማዚኣን ሓውሲ ቦርዲን ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋና፡፡ እዚ ከኣ በቲ ሓደ ወገን ኑቲ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ትምህርቲ ንምንጋስ ዝግበር ዘሎ ጻዕርታት እዩ፡፡ በቲ ካልእ ድማ "እቲ ትምህርቲ ንኹሉ" እንብሎ መርሓ ጉደና ዝኽተል እዩ ማለት እዩ፡፡

**ሕቶ - ኣብ ትሕተ ቅርጺ፧**

ኣብ'ቲ ትሕተ ቅርጺ ክንመጽእ እንክለና፡ ትሕተ ቅርጺ ሓደ ካብቲ ብድሆና እዩ፡፡ ምኽንያቱ፥ ብዙሓት ካብዞን ኣብያተ ትምህርትና፡ በቲ ናይ ቀደም ዝጸንሐን ምሉእ ዝኾነ ትሕቲ ቅርጺ ከገልግላ ዝጸንሓ እየን፡፡ እንተኾነ ምስ ዕድመ ምንዋሕ ዳርጋ እናኣረጋ ይኸዳ ኣለዋ፡፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ምጽጋን ዘድልየን እየን፡ ኣብዚ ከይተጠቐሰ ክሓልፍ ዘይግባእ፥ ቅድሚ ዓሰርተ ዓመታት ዝተኻየደ ንጥፈታት ቅድሚ ትምህርቲ ነይሩ እዩ፡፡ መንግስቲ ኣብያተ ትምህርቲ ብምስራሕ ዓቢ ወፍሪ ከኪይዱ ጸኒሑ እዩ፡፡ ኣብዚ ሕጂ ሰዓት እቲ ምስራሕ ክቡድ ዝበለ እዩ፡፡ ከቢድ ወጻኢ ዝሓትት እዩ፡፡ ሕጂ ኣብ ምስራሕ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሕግዝና ዘሎ ህዝቢ እዩ፡፡ ኣብ ብዙሓት ከባቢታት ህዝቢ ገንዘብ ብምውጻእን ጉልበቱ ብምውፋይን ንዘይንፍ ዋሕዲ ኣብያተ ትምህርቲ ይሳተፍ ኣሎ፡፡ መንግስቲ ከኣ ናቱ ዓቕሚ እናገበረ ይኸይድ ኣሎ፡፡

**- እወ፡፡**

ትሕተ ቅርጺ ክንብል እንክለና፡ ዋላ እዘን ዓንተቦይ ዝጠቐስናየን ኣብያተ ትምህርቲ መዋእለ ህጻናት፡ ክፍትና ዕድል ኢና ሂብና እምበር ናይ ብሉቒ እቲ ትሕተ ቅርጺ ተማሊኡ ኢልካ ኣፍኻ መሊእካ ትዛረበሉ ኣይኮነን፡፡ ስለ'ዚ ትሕተ ቅርጺ ናይ ግዜ ርእሱ ዓቢ ወፍሪ ዝሓትት ስራሕ እዩ፡፡ እቲ ሚ/ሪ ይኹን መንግስቲ ኣቓልቦ ገይሩ ምስ ግዜ እናዓመሞ ዝኸይድ ስራሕ እዩ፡፡ ምስ እዛ ትሕተ ቅርጺ ዘምጸኻያ ሕቶ እታ ብቕዓት ትብል ኢያ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ሚ/ሪ ትምህርቲ ናይ ካሪክለም ገምጋም ክለሳን ኣካይዱ ነይሩ፡፡ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ጸገም ናይ ሚ/ሪ ትምህርቲ ኣብቲ ስርዓተ ትምህርትና ዘሎ ብድሆ ናይ ብሉቒ በቲ ዝደለናዮ ዘይተዓወትናሉ እዚ ናይ ብቕዓት ሕቶ እዩ፡፡ ዕድላት ኣብ ምኽፋት ግን ብዙሕ ነገራት እዩ ተሰሪሑ፡፡ ኣብ ብቕዓት ግን ገና ዝጐደለና ነገራት ኣሎ፡፡ ከም ኣብነት እዞም 12 ክፍሊ ወዲኦም ማትሪክ ሓሊፎም ኣብ ኮለጃትና ዝኣትዉ ዘለዉ ተመሃሮና፡ ጸቢጦም ብምስራሕ ኣብ ዓወት ዝበጽሑ ዘለዉ ተመሃሮ እንተ ደኣ ርኢኻ ወይ ብዝተፈላለየ መንገድን ዕድላትን ኣብ ደገ ከይዶም ዕድል ዝረኸቡ ክትርኢ እንክለኻ፥ እቲ ካሪክለምና ብቕዓት ከም ዘለዎ ትርዳእ ኢኻ፡፡ እንታይ ደኣሉ ዝጐድለና ዘሎ፥ እቲ ዝበዝሐ ተመሃራይና ዕውት ኰይኑ እቲ ዝድለ ብቕዓት ዘየምጽእ ዘሎ እንተ ደኣ ኢልና፡ እቲ ሚ/ሪ ገምጊምዎ ብዘሎ ሓደ እቲ መምህር እዩ፡፡ ናይ ብሉቒ ብቕዓት ዘለዎ ስራሕ ክትሰርሕ እንተደኣ ኳንካ፥ ብቑዕ መምህር ክተፍሪ ኣለካ፡፡ ስለዚ ሓደ ካብቲ ብድሆ ኺ ናይ ብቕዓት ናይ ትምህርቲ ተንኪፍዎ ኣሎ እንብሎ፡ ብፍላይ ኣብ ናይ ቋንቋ ኣደ መምህራና እዚ ጸገም እዚ እዩ፡፡ ብቑጽሪ ይኹን ብዓይነት እዞም ናይ ቋንቋ ኣደ መምህራንና እቶም መሰረታዊ ዝምህሩ መምህራን ክንሶም ኣብዚ ርኡይ ጸገማት ኣሎ፡፡ ተመሃራይ መሰረት ከተትሕዞ እንተ ዘይ ክኢልካ፥ እቲ ድሕሪኡ ዘሎ፡ ከምዚ መሰረታ ዘይጠዓደት ህንጻ ትፈርስ ልክዕ ከምኡ እዩ፡፡ ስለዚ ናይ ብሉቒ ኣብ ሕቶ ብቕዓት ክንመጽእ እንክለና፡ ኣብቲ ገምጋም ዝገበርናዮ፡ ኣብ መምህራን ኣተኩርና ክንሰርሕ ከም ዘለና እዩ፡፡ እዚ እቲ ሚ/ሪ ትምህርቲ ገምጋም ገይሩ ጥራሕ ዘይኮኑ፥ በዓቢኡ መንግስቲ ኣላልዩዎ ዘሎ ጸገም እዩ፡፡ ኺ ንምፍታሕ ድማ ኣብ መጻኢ ዓቢ ስራሕ ክድልየና እዩ፡፡

**ይቕጽል....**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ደርጋኣለም እስቲፋኖስ ኣብዪ፥ ተኸሳሲት ሶልያና ተስፋኣለም እስቲፋኖስ፡ ንፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ተማስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን09/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ብወኪል ኣዜብ ትኩእ ኣብርሃ፥ ህያብ ሃብቶም ኣልኣዛር ምባል ተረፉ፥ ኣርሴማ ሃብቶም ኣልኣዛር ተባሂሉ ክእረመለይ ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን07/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ይቕረብ፡፡

የሳና ኢሳያስ ተወልዴ ስም ኣቦ ኣደይ መርሃዊት ሰረቐ ተኽሉ ምባል ተረፉ፥ መርሃዊት ሰረቐብርሃን ተኽሉ ተባሂሉ ክእረመለይ ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን03/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ 47 ይቕረብ፡፡

ለተንስኤ የውሃንስ ብርሃ፥ ብዓል ቤተይ ከሰተ ገብረመድህን ተስፋይ ስለዝዋረፈ፥ ንኣይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወይ፥ 4 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን07/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ይቕረብ፡፡

ብፍ/ቤ/ማሰል ኣዜብ በርሀ ገብሩ፥ ብፍ/ቤ/ዕዳ ኣቶ ብርሃነ ገብረስላሴ ኣብርሃም፡ ንጉዳይ ፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ተማስሪቱ ስለዘሎ፡ መልሲ ሒዝካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን08/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

ከሳሲት ወረ/ፍ ኣብርሃም ተኽለማርያም (ወ/ሮ ኣበባ ኣብርሃም)፥ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ኢዮብ ኣሕፈሮም ኣስገዶም፡ ኣድራሻኹም ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም 2. ራይሞን ኢዮብ 3. ሚሮን ኢዮብ 4. የራን ኢዮብ 5. ሌልዳና ኢዮብ 6. ስምኦን ኢዮብ፥ ን01/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/33 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ መድህን ኣርኣያ ጻድቕ፥ ብዓል ቤተይ ተወልደ ኪዳነ ተወልደመድህን ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወይ፥ 2 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን07/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቢንያም ነጋሽ ተስፋሚካኤል፥ ሓወይ ደጉል ነጋሽ ተኽለሚካኤል ጥፉእ ምዃኑ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ደናይት ዳዊጋይ ዑቕባዝብርኤል ምባል ተረፉ፥ ሰሊና ዳዊጋይ ኣርኣያ ተባሂሉ ክእረመለይ ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን07/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ንግስቲ ገብረህይወት ካሕሳይ፥ ብዓል ቤተይ የማነ ገብረእየሱስ ተኽለ ስለዝዋረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወይ፥ 4 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ን07/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ላ/ጋሽ ምምሕዳር ከበቢ ማይ ቆቛሕ ብቑ/ፍቓድ ዋኒን GBL0000 8510 ናይ C16 መጥሓን እኽሊ ትካለይ፥ ንወ/ሮ ኣቶ ገብረስላሴ ዘሙይ ምራጭ፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ላ/ጋሽ ምምሕዳር ከበቢ ማይ ቆቛሕ ብ45,000 ሽሕ ናቕፋ ብዕለት 19/11/025 ብቑ/መዝገብ 461025 ስለ ዝሸጥኩሉ፥ ብስም ሽያጢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተድኣ ሃልዩ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፥ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፥ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ፡፡

ኣቶ ኢሳያስ ወልደየውሃንስ

ኣነ ኣመልካቲ፥ ሓወይ ኣሕመድ ዓዶዓሊ ኢብራሂምን ሰዩቲ ሓወይ ሳሊሓ ሱሌማን ሓሰንን ናይ ብሕቲ ንብረቶም ዝኾነ ገዛ ኣብ ከተማ ሰገነይቲ ዞባ 6 ፕሎት 3 ፓርሰል ዲ ዝርከብ፥ ኣብ 450 ት/ሜትር ዝተደኮነ ሰለስተ ቀንዲ ክፍልታትን ሓደ ሽቓቕን ዘለዎ ምስ ካንሸሎኦ፥ ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ ሰገነይቲ ቀሪቦም ብዕለት 06/07/2012 ብውህብቶ መልክዕ ዝሃቡኒ፥ ካብ ስሞም ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ኣብ ውሽጢ ወርሒ እንተዘየቕሪቡ፥ ናብ ስመይ ከሰጋግሮ ምዃነይ ኣፍልጥ፡፡

ኣቶ ኢብራሂም ዓዶዓሊ ኢብራሂም

ብስም ነፍ/ሄር ወልዳይ ተኽሉ ስብሃቱ ዝተመዝገበ፥ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምም/ንኡስ ዞባ ሰምበል ፕሎት S114 ፓርሰል S114 ስፍሓት መሬት 619 ብሚ/ሪ መሬትን ኣብኡ ዘሎ ህንጻን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር IBRASM008413 ዝተረጋገጸ ናይ ገዛ ኦሪጂናል ሊብሬቶ ምስክር ዋንነት ስለዝጠፍኣኒ፥ ዝረኸበ ወይ ድማ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ብጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብቑጽሪ ስልኪ ሞባይል 07125420 ክትሕብሩኒ፥ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእታ ዋንነት ሊብሬቶ ካብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ምሕረት ርእሶም ገብረወልድ
ወኪል ኣቶ ተስፋሚካኤል ርእሶም ገብረወልድ

ኣመልካቲት ወ/ሮ ሳራ ተዛረ ገብረክርስቶስ፥ ብስመይ ቁጽሪ ምስክር 109785 መ/ቁ 120859 ዝፍለጥ ገዛ፥ ኣብ ዞባ ምም/ንኡስ ዞባ ሰምበል ሎታ 53 ፓርቸል I ASD00015799 ASP00014758 ዚፕ A835/53/1 ዝፍለጥ፡ ካብ ኣቶ ኣለሙ ካሳ ዝዓደግኩዎ ብስሙ መንበሪ ብቕዓት ገዲረ ድሕሪ መንበሪ ብቕዓት ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፥ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሳራ ተዛረ ገብረክርስቶስ

ኣመልካቲት ሮዚና ብርሃነ ገብረእየሱስ፥ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ጸጸራት ቤት መናእ ዝርከብ ገዛ፥ ASP 00023270 ASD 00020901 ካብ ጠቕላላ ስፍሓት መሬት 150 ት/ሜ ብዘለሐ ክፍሊ ቀንዲ 2 ተሓጋጋዚ 2 ዘጠቓለለ፥ ቁጽሪ ዋንነት ኣባይቲ 122823 መወከሲ ቁጽሪ 135190 ብስም ፍስሓጼን ገለ ደባስ ዝተመዝገበ ገዛ ስለ ዝሸጠለይ፥ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዘይብሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ፡፡

ሮዚና ብርሃነ

## ምስጋና



ብምኽንያት ሃንደበታዊ ማስዋእቲ ፍቕርን ነኽብሮን ወድና፥ መበል 30 ዘርፍ ሃ/ኣገልግሎት ፈልሞን ኣሚነ ከተማ (ቶረ) ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃብርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ካብ ወጻእን ሃገር ተሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ፈተውትን ቤተሰብን፥ የቐንየልና ሕሰም ኣይትርኣዩ እናበልና ሓዘንና ከምዝዋጸና ንገልጽ፡፡

ብ/ቤቱ ሮዚና ገብረመድህን
ወላዲኡ ኣሚነ ከተማ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

## ምስጋና



ብማስዋእቲ ክቡር ብዓልቤተይ ተጋ/መም. ገብረእግዚኣብሄር የማነ ተኽለገርግሽ፥ ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ዘቃብርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርኣዩ የቐንየልና እናበልና፣ ሓዘንና ንገልጽ፡፡

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ሰማይነሽ ተሸሞ
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

ኣመልካቲ ኣቶ ብርሃነ ክብሮም ሓጎስ፥ ብስመይ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ገጀረት ጉደና 751-6 ዚፕ ኮድ 1A753 ፕሎት 17 ፓርሰል N ፓርሰል/ዞን ASP00017824 ዝርከብ፥ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ 1:002802/3 ዝተመዝገበ ገዛ ስለዝሸጥናዮ፡ ዋንነት ካብ ስመይ ናብ ስም ዓዳጊ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፥ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፥ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦሪጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፈጽም ምዃንና ንሕብር፡፡

ኣቶ ብርሃነ ክብሮም ሓጎስ

ሓጋዚት መጽሓፍ

ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ
(ክፍልታት 9-12)

Comprehensive Mathematics

Grade 9-12

- Algebra
- Geometry

ኣብ ውሽጢ 544 ገጻት
ንኣልጀብራን ጂኦሜትሪን
ሰፊሕን ዓሚቕን ሽፋን እትህብ
ዓባይን ብልጽትን መጽሓፍ!!

ትሕዝቶ መጽሓፍ

- ✓ መግለጺ ኣምራት ኣልጀብራን ጂኦሜትሪን
- ✓ ብናህ ኣብነታት
- ✓ ስእላዊ መረዳእታታት
- ✓ መሃርቲ ሰሌዳታት
- ✓ ዝተዓየዩ ሕቶታትን ግድላትን
- ✓ ዝተፈትሑ ማትሪክ-መሰል ግድላት
- ✓ መዘንቲ መላመዲታት
- ✓ መልሲ መላመዲታት

ኣብ ኣብያተ መሸጣ መጻሕፍቲ ትረኽብዎ

ንዝያዳ ሓበሬታ
07142402 / 07461121

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.**

**Position: LV Mechanic**
**Department: Mining**
**Section: HME Maintenance**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

- As an HME LV Mechanic, you will be responsible for the maintenance, repair and troubleshooting of light Vehicles, Busses etc. used in mining operations. You will play a crucial role in ensuring minimal downtime of machinery and contribute to the efficiency and safety of our mining / construction projects. To execute all work according to BMSC safe works rules and procedures.

**Main Function**

- Safety targets achieved.
- SOP requirement achieved.
- Production Targets met (Costs maintained within budget.
- Manpower development achieved.
- Health, Safety and Environment.
- Reporting.
- Additional Duties.

**UNIQUE REQUIREMENTS / OTHER INFORMATION**

- Please note this job description is not designed to cover or contain a comprehensive listing of activities, duties or responsibilities that are required of the employee for this job. Duties, responsibilities and activities may change at any time with or without notice.
- Candidate must be physically and mentally fit.

**Knowledge, Experience and Skills**

| |
|---|
| **Qualifications:** |
| • Diploma in Light vehicle and Busses maintenance or Formal Trade Certificate |
| • Highschool Diploma or Certificate |
| • Additional Training or certification in Light Vehicle, Bus repair is preferred |
| **Knowledge and Experience:** |
| • Minimum 5 years' experience in repairing and maintaining Light vehicle and Busses. |
| • Proven trouble shooting abilities and experience working with diagnostic tools will be advantageous. |
| • Ability to read and interpret technical manuals, schematics and blueprints. |
| • Acceptable knowledge of underground safety and work execution. |
| • Holder of a valid driven license. |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Computer Literacy | • Risk assessment and safety oriented |
| • Hydraulic fault-finding | • Time Management |
| • Mechanical/Electrical skill | • Communication (English) |
| • Onboard Fire Suppression Systems | • Able to work in a team concept |
| • Acceptable knowledge and experience on multiple underground machines | • Able to share knowledge and skills with local workforce. |
| • Risk assessment | • Ability to work under pressure and achieve results. |
| • Navision and other Software skills | • Ability to work in a multi-disciplinary environment. |
| • Logical Thinker | • Self-starter, Organized, Competent, Dependable, Responsible and Committed |

**Position: Maintenance Planner**
**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Processing Maintenance**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Contribute to the Operations by ensuring that all maintenance activities are planned and completed in a cost-effective manner with minimal disruption to ore processing and mining activities.

**Essential Functions**

- Lead and contribute to the execution of Planning and Reliability of all operations (Process Plant, HME, Engineering Services) and ensure all maintenance activities are aligned with project plans.
- Register all new equipment on the CMMS, Navision and categories and compile Standard Job lists with hazard identification included.
- Compile spares list for the equipment from the OEM's Installation, Operational and Maintenance Manuals.
- Compile Applications for new stock inventory (ANSI) for all equipment installed.
- Compile Preventative Planned Maintenance Schedules for all equipment based on the OEM's recommendations.
- Develop Predictive maintenance schedules through condition monitoring practices and techniques for critical equipment.

**Main Function**

- Purchasing and Supply Chain.
- Contractors.
- Work Management Processes.
- Administration.
- Health, Safety and Environment.

**Unique Requirements / Other Information**

- Candidate must be medically and physically fit and must have a proven track record and references.

| | |
|---|---|
| **Qualifications:** | |
| • Diploma/Degree in Mechanical or Electrical Engineering<br>• Minimum Education: Tech/Vocational Cert. Education followed by additional Mechanical/Electrical Trade Training with significant experience in the Mechanical/Electrical engineering discipline.<br>• (Certificate in Management)/Business Management will be an added advantage | |
| **Knowledge and Experience:** | |
| • Trade certificate as a Fitter or Electrician | |
| • 2+ years proven experience in the mining sector (Maintenance planning and scheduling capacity) | |
| • 4 years' experience in mechanical or electrical maintenance as a fitter or electrician or Supervisor's role. | |
| **Technical Skills** | **Behavioural Skills** |
| • Computer Literacy (MS Office – Intermediate, In-house software) | • Communication (English, Local language advantage) |
| • Time Management and mechanical/Electrical skill | • Innovative, Efficiency and accountability |
| • Project Management and risk Assessment | • Cultural Diversity sensitivity |
| • Logical Thinker Mechanical / Electrical skill | • Coach/Mentor and team player |
| • Project Management and Mechanical / Electrical skill | • Handling of pressurised environment |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to: -**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ኤደን ሃይለሚካኤል ሃብተ ምግል ተሪፉ፣ ኤደን ሃይለሚካኤል ሃብተ ወልደጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን09/07/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤትሮምስ ኣካለ ገብረክርስቶስ ምግል ተሪፉ፣ በርተለሚዎስ ኣካለ ገብረክርስቶስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን14/07/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጸዕዳ ክርስትያን

ኣፈወርቂ ገብረክርስቶስ ንጉሴ፣ ኣቦይ ገብረክርስቶስ ንጉስ ስለዝዋረሩ፣ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን02/07/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ራሕማ እድሪስ፣ ብዓል ቤተይ በኺት ኢብራሂም ሕመድ ስለዝተሰውኡ፣ ጉዳይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 3 ደቁ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን01/07/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሓርነት ሃብታይ ገብረማርያም፣ ብዓል ቤተይ ኣሚን ኣብርሃ መሓሪ ስለዝተሰውኡ፣ ጉዳይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 7 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን01/07/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ተስፉይ መሓሪ ስዩም ምግል ተሪፉ፣ ተስፉይ ማእከለ ወልደዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን17/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለተኺዳን ዘርኣይ ገብረያሱስ፣ ኣቦይ ዘርኣይ ገብረያሱስ ኪዳ ስለዝዋረሩ፣ ንወላዲትና ወ/ሮ ኣሰካሉ ደባስ ተስፋሚካኤል ናይ መጻምዲ ማሰላ ክሕለወላ፣ ንሕና 8 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን9/07/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ. ኣቶ ብርሃነ ገብረትንሳኤ የገኑ ተኸሳሲት ወ/ሮ ምስጋና ተኽለኣብ ኣሰፍሃ፣ ናይ መኪና ስም ምትሕልላፍ ክሲ. ቀሪቡልኪ. ስለ ዘሎ፣ ን30/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፣ ጉዳይኪ. ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሸዕብ

ሓምድ እድሪስ ሓምድ ምግል ተሪፉ፣ መሐመድ እድሪስ ኸር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/06/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ገብረ ኣምላኽ ገብረእግዚኣብሄር ምግል ተሪፉ፣ ገብረኣምላኽ ገብረእግዚብሄር ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን02/07/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ቀደሽ ባህታ ሓደራ፣ ብዓል ቤተይ ዓንደም ኣብርሃም ይሕደጎ ስለዝተሰውኡ፣ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ፣ ጉዳይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን02/07/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ልዋም ተስፋጋብር መሓሪ፣ ተኸሳሲ. ኣቶ ሮቤል መሓሪ ተስፋሚካኤል፣ ናይ ሓዳር ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ልችያ ኣሰፋው ኣብርሃም፣ ብዓል ቤተይ ተወልደ ታረቀ ገብረመድህን ስለዝተሰውኡ፣ ጉዳይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን30/06/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ቶኾምብያ

ወ/ሮ ኑራ ሳልሕ ከሮ፣ ወደይ ስለሙን ቃልኣብ ክፍለየሱስ ስለዝተሰውኡ፣ ኣነን ኣቡኡ ቃልኣብ ክፍለየሱስን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን22/06/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ረዳኢ ክፍላይ ወልደሚካኤል፣ ምግል ተሪፉ፣ ረዳእ ክፍላይ ፍረዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን29/06/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ የማነ ኣብርሃም መኮ፣ ብዓልቲ ቤተይ ኣስገደት ባይረሰገድ ስለዝዋረረት፣ ጉዳይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፣ 6 ደቃ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን02/07/2026 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ዓብደልቃድር ዐስማን ዓብደልቃድር፣ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00034754 ዝፍቶ፣ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ኣስመራ ከተማ ጎደና ዓዲ ኢብራሂም ቁ/ገዛ 40 ዝርከብ ናይ ህዝቢ. ጉዳያት ጸሓፊ ትካለይ፣ ንወ/ሮ ልዋም ገብረ ወልደኣብ፣ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ጎደና ዳህላክ ቁ/ገዛ 15 ካብ ዕለት 01/05/2026 ክሳብ ዕለት 31/04/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፣ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. ሰላሳ መዓልቲ፣ ስልጣን ዝሎም ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፣ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክመዝገብ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ዓብደልቃድር ዐስማን ዓብደልቃድር
ሕጋዊ ወኪል ጀሳ. ዓብደልከሪም

---

## ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ዜና፣ ኣብ ውሽጢ. ቀጽሪ ቤት ጽሕፈቱ ዘሎ ካፌተርያ ከምግርቶ ስለ ዝደለየ፣ ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም።
ተጫረትቲ ከማልኡዎ ዘለዎም ነጥብታት፦
- ተጫረትቲ፣ ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግዲ. ዘለዎም ናይ 2024 ግብሪ ዝኸፈሉሉ ክሊራንስ የቕርቡ።
- ተጫረትቲ፣ ናይ ካፌተርያ ወይ ተመሳሳሊ. ስራሕ ተመኩሮ ዘለዎም ክኾኑ ይግባእ።
- መኽበሪ ጨረታ 10,000.00 ናቕፋ (ዓሰርተ ሽሕ) ናቕፋ ብCPO ወይ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዙ ይግባእ።
- ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት፣ ንዓሰርተ ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ይኸውን።
- ሳንዱቕ ጨረታ፣ ጸብጻብ ጨረታ ዝወደቐሉ ናይ ስራሕ መዓልቲ ልክዕ ሰዓት 3፡00 ድ/ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኸብሉ ይኽፈት።
- መጫረቲ ቅጥዒ ሰነድ፣ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ዜና፣ ኣካል ዕድገ. ብምምጻእ ክትወስዱ ትኽእሉ። (ንዝያዳ ሓበሬታ ተሌ. 121884/201820 ተወከሱ)
- ሚኒስትሪ ዜና፣ ዝሓሸ ኣማራጺ. እንተረኺቡ በዚ. ጨረታ'ዚ. ኣይግደድን እዩ።

ሚኒስትሪ ዜና

---

ብስም መሴ ሚከኤል ገብረማርያም፣ ኣብ ዓዲ ከበ. ጸሎት ብመወከሲ. ቁጽሪ 000064 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 008072 ፕሎት 22 ፓርሰል F ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለክዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፈኣኒ፣ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዚዎ ዝብል እንተሎ፣ ብቁጽሪ ስልኪ. 07215960 ክሕብረኒ። እንተዘይቀርበ ግን መተካእታኡ ንዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

መሴ ሚከኤል ገብረማርያም

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ. ምም/ከበ. ማእከል ከተማ ዞባ 06 ፕሎት 06 ፓርሰል J ስፍሓት መሬት 225 ት/ሜ 6 ቀንዲን 4 ተሓጋጋዝቲን ክፍሊ. ዘተደኮኖ፣ ብስም ወረደ መሳዝጊን ሰወእ ፍጹም ጋይምን ዝተመዝገበ፣ ብጽሒት ናይ ሰወእ ፍጹም ጋይም፣ ብውርሲ. ዝረኸብናዮ፣ ናብ ስምና ክሰጋገር ስለ ዝኾንና፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ. መኣገዲ. ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኺይሩ፣ ውሳኔ ሐዚኡ ናብ ቤት ጽሕፈት ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ሰንዓፈ. ክፍሊ. ቴክኒክ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፣ ብዘለና ሰነዳት ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ራህዋ ፍጹም +2

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ማይ ተመናይ፣ ጎደና ገርሰት፣ ቁ/ገዛ 129 ፕሎት 30 ፓርሰል E ዝርከብ፣ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብመለለዪ ቁ/ንብረት 1BRASM012794/1 ብስም ኣተሸም ደበሳይ +5 ዝተመዝገበ ገዛ ስለ ዝዓደግኩዎ፣ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት፣ ሕጊ. ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ፣ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሐዚኡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተ ዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ምንያ ተስፋይ ኣስገዶም

---

## ምልክታ ጨረታ

ሚ/ኒ/ክ/ተ/ሞ/ት/ስ (ንቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ) ንቀሰብ ኩቡቲ ዘገልግል ጸማቑ ሰሊጥ ዓሳራ ከምግርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ከምኡ'ውን ሓረስቶት ይዕድም።
1. ሚ/ት/ከ/ተሞ/ት/ስ (ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴኒክን ሐጋዝ) ንሕጋውያን ኣቕረብትን ሓረስቶትን ዋጋታት ቀረብ ቀሰብ ኩቡቲ (ጸማቑ ሰሊጥ ዓሳራ) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሰብ ልቸንሳን ሓረስቶት ክፉት'ዩ።
3. ሰብ ዋኒን ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን መንነትን፣ ሓረስቶት ከኣ ቅዳሕ መንነት ወረቐት ጥራይ የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ. ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጨ/ሓ/ኣገልግሎት ዕድግን ኣብ ቁጽሪ 20 ወይ ብቁ/ቴለ 200593 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፣ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ሰድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብዚ. ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ፣ ክሳብ ዕለት 14/07/2026 ሰዓት 9፡45 ቅ/ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንገዩ ንዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ ተጫረትቲ፣ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፉ ዝደሊ. ሰበኑ ስ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኸቡሉ፣ ኣብ ኣዳራሽ ሚኒስትሪ ትምህርቲ (ጨ/ሓ/ኣገ/ዕድግን ) ዕለት 14/07/26 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ብግልጺ. ይኽፈት።
7. ጨረታ፣ ብመኽበሪ ጨረታ 10,000.00 ናቕፋ (ዓሰርተ ሽሕ ናቕፋ) ትሕጃ ክሰነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፣ መምርሒ. ሚኒስትሪ ፋይናንስ ጨንፈር ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይኣየድ።
9. ምኽፋል ግብሪ ኣታዊታት ካብ ዕወት ጨረታ ግዴታ ይኸውን።
10. ሚ/ኒ/ክ/ተ/ሞ/ት/ስ (ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ) ዝሓሸ ኣማራጺ. እንተ ረኺቡ፣ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚ/ኒ/ክ/ተ/ሞ/ት/ስ
(ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ)
ቴሌፎን 200593

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

ካልኣይ ክፋል

*"ሎሚ ኑታ እትደልዮ ጸገሕ እትሃንጸላ ዕድል እዩ።" - **ኬን ፖይሮት***
*"ኣነ ከሰረ ኣይፈልጥን እየ። ኣነ እዕወት ወይ እመሃር።" - **ኔልሰን ማንደላ***

ጽፈት ስራሕ መግለጺ እንታይነትካ እዩ፡፡ ጽፉፍ ስራሕ ከተበርክት እንከለኻ፡ ብቑጥታ እንታይ ዓይነት ሰብ ምዃንካ እውን ኢኻ እትገልጽ ዘለኻ፡፡ ግዱስ ዓይነት ሰብ እንተ ዄንካ፡ ጋሕማጥ ስራሕ ክትጻወር ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ ብመንጽሩ ኣይግዱዱ ዓይነት ሰብ እንተ ዄንካ፡ ጽፉፍ ስራሕ ከተበርክት እትሃልከሉ ምኽንያት ዘይክረኣየካ ይኽእል እዩ፡፡

እቶም ኣብ ጽፈት ስራሕ ዝኣምኑ ሰባት፡ ኣብ ስርሖም ንጹር ሸቶ እዮም ዝሕንጽጹ፡፡ እቲ ሸቶኦም ዘጸር ሰብ፡ ናብዩ ኣንፈት ከም ዝምርሸን እንታይ ዓይነት ውጽኢት ከም ዘመዝግበን ኩቶ ኣይጠፍኦን እዩ፡፡

ንሸቶኻ ብንጹር እንተ ደኣ ተለምኪዮ፡ መሳርሕትኻ ወይ መሻርኽትኻ ምሳኻ ክሰርሑ እንከለዉ ኣይወዳበርዎን እዮ፡፡ ሸቶኻ ንጹር እንተ ዘይኩይኑ ግዱ ንመሳርሕትኻን መሻርኽትኻን ኣብ ዘይተደልየ ምውጅባር ከተእትዎም ትኽእል ኢኻ፡፡ እቲ ምድንጋር ተመሊሱ ኑታ ጉጅለ ንሓድሕዱ ከም እትተፋሃን ክዑብራ እንተ ዘይኩይኑ፡ ዋላ ሓንቲ ረብሓ የብሉን፡፡

ሸቶኻ ኣብ ማስመር ዓወት ክርግጸካ ትደሊ እንተ ዄንካ፡ ዛዖም ዝስዕቡ ነጥብታት ክማልኢ ይግባእ፡

- ውሱን፡
- ዝልካዕ፡

# ጽፈት ስራሕ



- ክፍኣብጥ፡
- ክዉንነታዊ፡
- ገደብ ግዜ ዘለዎ ... ክኸውን ይግባእ፡፡

ኣባላት ጉጅለኻ ካብ ጽግዕተኛነት ሓራ ኩይናም ንኽሰርሁ ምትብባዕ ኣብ ፍርያምነት ዕዉታት ንክኾኑ ኢኻ እትድርኾም፡፡ ናትካ ፍርያምነት እውን ብኡ መጠን እዩ ክብ ዝበል፡፡

ኣባላት ጉጅለኻ ብጠቕሚ መንገዲ ተማሓድርም እንተ ዄንካ፡ ቀጺሉ እዮም ኑቲ ኣጦኻ ዝበርም ጽግዕተኛነት ዝሕኩዎም፡፡ ክንዲ ዝኾኑ ንሽካ ዘየዳ ኣብ ስትራተጂካዊ ዕዮ ብምውፋይ፡ ኑቲ ጉጅለ ንቅድሚት ንክሕዝቡብ ልዑል ደፍኢት ክትገብረሉ ትኽእል ኢኻ፡፡

ኣብ ርእሲ እዚ፡ ንጹራትን ክዉንነታውያንን ሸቶታት ናብ መሻርኽትኻ ዘሕልፍዎ መልእኽቲ እውን ኣለዎም፡፡ ብውሕዱ መሻርኽትኻ ካብኻ እንታይ ዓይነት ትጽቢት ከሕድሩ ከም ዘለዎም ክበርሃሎም ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ኸኣ ግዜኦም ኣብ ምቕጣዕብ ኣገዘ እዩ ዝጠቕሞም፡፡

ንኣባላት ጉጅለኻ ስርሖም እንተ ደኣ ኣጸራርኻሎም፡ ንሸካ እንታይ ከም እትሰርሕ ዘለኻ ክተብርሃሎም ብዙሕ ግዜ እተህልኹሉ ምኽንያት የብልካን፡፡ ነፍሲ ወከፍ ኣባል ጉጅለ ኣብ ስርሑ ጥራይ እንተ ደኣ ኣድሂቡ ድማ፡ እቲ ምህርቲ ምእኩት ከም ዝኸውን ርዱእ እዩ፡፡

ብድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ፕሮጀክት ንጹር ውጥን ክህሉ ኣለዎ፡ ኑቲ ዝርግሐ ወይ ዓቕሚ (scope) ዘጸር፡፡ ልክዕ ከም ሸቶኻ፡ ውጥንካ እውን ንመሻርኽትኻ ክበርሃሎም ግቡእ እዩ፡፡ ኩሉ ነገር ብመልክዑ ሰሪድ ክተሓዝ እንከሎ ድማ፡ ንኸልኻ ዘየዳ ውሕሰት ይህልዎ፡፡

ንውጥን ፕሮጀክትካ ብንጹርን ብዘቕለለን ኣገባብ ምስናድ፡ ኣብ እቲ እትወስዶ ውሳኔ እምብዛ እዩ ዝሕግዞ፡፡ ኣባላት ጉጅለኻ ብቐሊሉ ንኽርድኡዎን ኑቲ ውጥንካ ኣብ ምፍጻምን ክሕግዙኦም ከኣ ይኽእሉ፡፡

ከም ኣካል መስርሕ ውጥንኻ፡ ንጸጋታትካ ኣብ ምግምጋም ንጡፍ ክትከውን ይግባእ፡፡ ብስትራተጂካዊ መዳይ ከኣ፡ ክተመቓርሖም ጸቡቕ እዩ፡፡ ጸጋታት ምውህሃል ጥራይ ኣዕጋቢ ኣይኮነን፡፡ ክሽጾኡ ምኻድ ከድልየካ እዩ፡፡

ቀንዲ ቀዋሚ ኣብ ትካልካ ድልዱል መሰረት ምንጻፍ ክኸውን ይግባእ፡፡ ኣብ ኣፈጻጽማ ስራሕካ ውሕልነት የድልየካ፡ ኩሉ ምንቅስቓስካ ምስ ባጀት ትካልካ ዝሳነ ክኸውን ከም ዘግባእ ክትዘንግዕ የብልካን፡፡

ውጥንካ ናትካ መርሓ ጉደና ናብ ዓወት እዩ፡፡ ንውጥንካ ቀጺሉ ብምግምጋምን ንበቕዓትካ ብምግምጋም፡ መጻኢ ምምዕርራይ ክትገብር ከም ዘለካ ኣይጠፍኣካን እዩ፡፡ ከምኡ ክትገብር እንተ ዘይክኢልካ፡ ኣብይ ደረጃ ከም ዘለኻ ብቐሊሉ ክትፈልጥ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡

ኣብ እዚ መዳይ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ውጽኢት ስነ ፍልጠትን ቴክኖሎጂን እንተ ሃለዮም፡ ምፍታሽ ኣይጽላእን እዩ፡፡ ምስ ዓለምካ ክትተሰነም እንተ ዄንካ፡ ዓለምና በጺሓቶ ዘላ መሳርሒታት ምዕጣቕ ኣገዳሲ ምዃኑ፡ ብርክት ዝበሉ ሊቃውንቲ ቀጺሉ እዮም ዘዘኻኽሩ፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ሰኣን ዝተራቐቐ መሳርሒ ምዕጣቕ፡ ከም እቲ ዝደለ ናህሪ ኣብ ዕበየትካ ዘይክተመዝግብ ትኽእል ኢኻ፡፡

ኣብ ኣሰራርሓኻ ውዱን እንተ ደኣ ኴንካ፡ ዓማዊልካን መሻርኽትኻን መለሶም ደስ ኡ እምበር፡ ኣይርሕቑኻን እዮም፡፡ ንጽፉፍ ኣሰራርሓ ዘይብህግ ዓሚል ክህሉ ኣይክእልን እዩ፡፡

እቶን ጽፉፋት ትካላት ምስ ሰራሕተኛታተን ጥራይ ዘይኮኑ እንተላይ ምስ ዓማዊለንን መሻርኽተንን ጥቡቕን ስሙርን ርክብ እዩ ዘለወን፡፡ ክንዲ ዝኾኑ ዝኾነ ጸገም ኣብ ዘጋጥመሉ ቀልጢፈን ክፍወስኣ ኣይእግመን እዩ፡፡ እቲ ርክብ ብኣካል፡ ብቴለፎን ወይ ብኢ-መይል ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ኣገባብ እዚ ኣብ መንጎ እቲ ትካልን ዓማዊልን ዝኾነ ዓይነት ሃጓፍ ወይ ምድንጋር ንኸይፍጠር ሓጋዚ ይኸውን፡፡

ንፍሲ ወከፍ ስራሕ ገደብ ግዜ እንተ ደኣ ተገይሩሉ፡ ንሰራሕተኛታት ዘየዳ ሓለፍት የሰከሞም እዩ፡፡ እቲ ገደብ ግዜ ንኣፍረይትን ዓማዊልን እንተ ደኣ ኔጸሩሎም፡ ብኡ መጠን ንሓድሕዶም ክጸዋዉ የኽእሎም፡፡ እዚ ተሓታትነት የዕዝዝ፡ እንታይ ክግበር ከም ዘለዎን ብመን ክግበር ከም ዘለዎን ኣብ ዝበሉ መዳያት ንዘፍጠሩ ምድንጋራት ወይ ምውጅባራት ከኣ ይኽሉ፡፡

ንዋሕዚ ስራሕ (workflows) ከምኡ እውን ኑቲ መስርሕ ምስላጥ ኣብ ፍርያምነት ናይቲ ትካል ከምጽኦ ዝኽእል እወታዊ ውጽኢት ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን፡፡ ዝኾነ ስራሕ ኣብ ምጅማሩ ከቢድ መሰሉ ክርኢ ይኽእል ይኸውን እዩ፡፡ ተበግሶ ኣብ ምውሳድ ትብዓት እንተ ደኣ ሃልዩካ ግዱ ኑቲ እትደልዮ ሸቶ ክትወቕዕ ከጸግመካ ኣይክእልን እዩ፡፡

ኑቲ እትኽተሎ መስርሕ ምፍኻስ እቲ ዝበለጸ መንገዲ ተበግሶ ኣብ ምውሳድ እዩ፡፡ ኣብ እቲ ንሽካ እትመርሖ ፕሮጀክት፡ ብዙሓት ሰባት ወሰንቲ ክኾኑ ከም ዘይብሎም ኣረጋግጽ፡፡ እንተ ዘይኩይኑ፡ ፕሮጀክትካ ካብ እቲ ዝጀመርካሉ ሓደ ስጉሚ ንቕድሚት ምንቕ ክብል ኣይክእልን እዩ፡፡

# ጽፉፍ ምድላው

ኣብ ስራሕካ እኹል ምድላዋት ዘይትገብር እንተ ደኣ ዄንካ፡ ግዳይ ፍርሒ ክትከውን ልዑል ተኽእሎ ኣሎ፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ እኹል ምድላዋት እንተ ዘይገይርካ ኣቓዲምካ ኢኻ ንዝኾነ ርእሰኻ ንኽትፈሽል እትፈርዶ፡፡

ኣብ ኣፉን ዕርዙን ምድላዋት ናብ ምግባር ምህንዳድ ንዕሉ ካብ ፍርሒ ኩቶ ኣየናግፈካን እዩ፡፡ ተመሊሱ እኳ ደኣ ንፍርሕኻ ዘየዳ ከም ዘሐይሎ እዮም ሊቃውንቲ ዝሕብሩ፡፡

ብዘይተግባር ዋላ ሓንቲ ዝኸሰት የለን፡፡ ተግባር ከኣ ስጉምቲ ብምውሳድ እዩ ዝጅምር፡፡ ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ ፍርሒ ኪጋጥመካ ይኽእል እዩ፡፡ እቲ ዝስማዓካ ፍርሒ፡ ካልእ ተወሳኺ ፍርሒ ዘይኩኑ ከሰዕበልካ ዘለዎ፡ ኑቲ ፍርሕኻ ተመሊሶካ ብኸመይ ከም እትንኽዮ ኢኻ ክትደህብ ዘለኻ፡፡

ፍርሒ እንታይ ክትሰርሕ ከም ዘለካ ክፃገረካ ይኽእል እዩ፡፡ መዓስ ክትሰርሖ ከም ዘለካ ክፃገረካ እውን ይኽእል እዩ፡፡

ንዝኾ ርእሰኻ ኣብ ዝኾኑ ህሞት፡ ኣብይ ግዜ ከም ዘለኻ እንተ ደኣ ሓቲትካዮ እቲ መልሱ፡ ሕጂ እዩ፡፡ እወ እቲ መልሲ ኩሉ ግዜ 'ሕጂ' እዩ፡፡ ኣብ 'ሕጂ' ኳንካ ኢኻ ነዛ ጋዜጣ ተንብብ ዘለኻ፡፡

ካብ እዚ ክንመሃሮ ዘለና፡ ፍርሒ ክስማዓና እንከሎ፡ ገለ ሓደሽ ነገር ንሰርሕ ከም ዘለና ምስትውዓል ከም ዘድልየና እዩ፡፡ ኩሉ ሓደሽ ነገር ከቢድ ዘይክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ቅድሚ ሕጂ ሰሪሕካዮ ዘይትፈልጥ እንተ ዄንካ ግዱ ገለ ተመክሮ ዝሓጽረካ ከይከውን ስክፍታ ክህልወካ ይኽእል እዩ፡፡

ኣቐዲሙ እኹል ምድላዋት ዝገበረ ሰብ ዝተሓተ ፍርሒ ከም ዝስምዖ ድሉው እዩ፡፡ ቅድሚ ገደብ ግዜ ንስራሕካ ክትዓምሞ እንተ ኸኢልካ፡ ርእሰ ተኣማንነትካ ብኡ መጠን እዩ ክብ ዝበል፡፡ ዝኾነ ጉድለት ምስ ዝሀሉ ድማ እኹል ግዜ ስለ እትረክብ ብፍርሒ ወይ ጭንቀት እትሽቐረረሉ ምኽንያት የብልካን፡፡

እቲ ዋላ ሓንቲ ፍርሒ ከም ዘይስምዖ ዝገልጽ ሰብ፡ ሓቅነት ክህልዎ ኣይክእልን እዩ፡፡ ሰብ ፍጡር ኩይኑ ዘይፈርሕ የለን፡፡ እቲ ተባዕ ዝበሃል ሰብ፡ እቲ ንፍርሑ ብዝኸኣሎ ዓቕሚ ክቈጻጸር ዝኽእል እዩ፡፡ ንፍርሑ ዝቈጻጸር ሰብ ከኣ ንስርሑ ኣብ ምቕጻጻር ኣይሰገፍን እዩ፡፡

እኹል ምድላዋት ምግባር ማለት፡ ንኽትሰርሕ ብልዑል ተወፋይነት ተበግሶ ምውሳድ እዩ፡፡ ከመይሲ፡ ዝኾነ ስራሕ ካብ ምድላዋትካ ምጽፋፍ እኮ እዩ ዝጅምር፡፡

እቲ ኣቐዲሙ እኹል ምድላዋት ኣብ መጽናዕቱ ዝገበረ ተመሃራይ፡ ኣብ ኣጋ ፈተና ሸበድበድ ክብል ትጽቢት ኣይግበረሉን እዩ፡፡ ብመንጽሩ እቲ እኹል ምድላዋት ዘይገበረ ተመሃራይ፡ ኣብ ኣጋ ፈተና ዝሕዞን ዝጭብጦን እዩ ዝጠፍኦ፡፡ ርእሰ ተኣማንነት ስለ ዘጥፍእ ድማ፡ ዋላ ኑቲ ዝፈልጦ ዝዘበረ ኪገገ ይኽእል እዩ፡፡

እቲ ምድላው ንተመሃሮ ጥራይ ኣይኮነን፡፡ ዋላ መምህራን ቅድሚ ክምህሩ ናብ ክፍሊ ምእታዎም፡ እኹል ምድላዋት ክገብሩ ይግባእ፡፡ እኹል ምድላዋት ዘይገበረ መምህር፡ ብተመሃሮኡ ከይተረፈ እዩ ዝኽሽሕ፡፡ ከም ሳዕቤኑ ንብዕሉ ተጋሃዩ ንተመሃሮኡ ኪገጊ ይኽእል እዩ፡፡

እኹል ምድላው ምግባር፡ ንኹሉ ሞያን ስራሕን ዝምልከት እዩ፡፡ ሓደ ኣትሌት እኹል ምድላው ከይገበረ፡



ኣብ ማራቶን ክዕወት ዝሕሰብ ኣይኮነን፡፡ ሓረስታይ እኹል ምድላዋት ከይገበረ፡ ምእኩት ምህርቲ ክሓፍስ ኣይክእልን እዩ፡፡ ጋዜጠኛ እኹል ምድላዋት ከይገበረ፡ ጸቡቕ ዓምዲ ወይ መደብ ክዳሉ ኣይክእልን እዩ፡፡ እቲ ዝርዝር እምብዛ ብዙሕ እዩ፡፡

እኹል ምድላው ናብ ጽፉፍ ስጉምቲ ምውሳድ እዩ ዝመርሕ፡፡ ስጉምቲ ምውሳድ ክትጅምር እንከለኻ፡ ስራሕ ዝቐለለ ይኸውነልካ፡፡ ስራሕ እንተ ቐሊሉልካ ድማ፡ ፍርሕኻ ብኡ መጠን እዩ ዝኸይድ፡፡ እቲ ፍርሒ እኳ፡ ንኸይትፈሽል ካብ ምስጋእ እዩ ዝኸሰት፡፡

ኣብ ምድላው ልዕሊ ንብር ነዊሕ ግዜ ምውሳድ ተመሪጹ ዘይኮነሉ እዋን ኣሎ፡፡ ምኽንያቱ፡ ኣብ ምድላው ነዊሕ ግዜ እንተ ደኣ ትወስድ ኴንካ፡ ካልኦት ፈጣናት መወዳድርትኻ ኑቲ ዝረኸብዮ ዕድል ስራሕ ክምንጥሉኻ ይኽእሉ እዮም፡፡

ፍሽለት ብዘተፈላለዩ መንገዲ ክመጽእ ይኽእል እዩ፡፡ ስለ ዘሰራሕካ ክትፈሽል ትኽእል ወይ ብዘይምስራሕካ ክትፈሽል ትኽእል፡፡ ካብ ከይሰራሕካ ክትፈሽል፡ ሰሪሕካ ክትፈሽል ይምረጽ፡፡ ከይሰራሕካ እንተ ፈሺልካ፡ ንሓዋሩ እናተጣዐስካ ክትነብር ትኽእል ኢኻ፡፡ ሰሪሕካ እንተ ፈሺልካ ግዱ ዝከኣለካ ስለ ዝገበርካ ዘጣዕስ የብልካን፡፡

ናብ ሕልምኻ ንኽትበጽሕ እናፈራሕካ ዲኻ ዋላ ከይፈራሕካ ቀጺልካ ንቕድሚት ክትምርሽ ይግባእ፡፡ እቲ ቀንዲ ቀዋሚ ናብ ዓወትካ ትግሽጦሽ ምህላውካ እዩ፡፡

ኣብ ካብኒና ካብ ዝርከቡ ሰባት፡ ገሊኦም ፍርሒ ኩቶ ዘይሰምዖም ኩይናም ይረኣዩና እዮም፡፡ ህይወት ሒዝካ ዘይምፍራሕ ግዱ ዝከኣል ኣይኮነን፡፡ ምናልባት ንኣቶም ንፍርሖም ብዙሕ ዓል ዘይህቡ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡ እቲ ዘለዎም ፍርሒ ዘየዳ ንኸይብእሶም፡ ብዘኣሎም ዓቕሚ ዝለኽሉ ክኾኑ እውን ይኽእሉ፡፡

እቲ ኣብ እቶም ምሕር ዘፍርሕዎ ነገራት ስጉምቲ ዘውሰደ ሰብ፡ ባህጉ ኣብ ምስማር ዘየዳ ዕዉት ይኸውን፡፡ ብመንጽሩ እቲ ፍርሒ ክስዕቦ እንከሎ፡ ብኡ ንብኡ ናብ ጭንቀት ዝሽመም ሰብ፡ ባህጉ ከየስመረ ኣብ እታ ዘለዋ ተኹርምዩ እዩ ንምድረ ሰማይ ዘዕርቦ፡፡

ፍርሒ ንብዙሓት ሰባት ባህጎም ንከየስምሩ ሓሊኹ ሐዚምም እዩ፡፡ ናብ ሸቶኦምን ሕልሞምን ከይበጽሑ ዓቢ ማሰናኸል ይኾኑዎም፡፡ ከም እቲ ኣቐዲሙ እተጠቕሰ ኩልና ንፈርሕ ኢና፡፡ እቲ ንዕዉታትን ዘይዕዉታትን ዝፈላልዩና እምበኣር፡ እቲ ምስ ፍርሕና እንከለና እንገብሮ ስራሕ እዩ፡፡


ፍርሕኻ ንድሕሪት ክኾትተካ እንተ ኣፍቂድካ፡ ጸዓትካን ርእሰ ተኣማንነትካን ንኸሰንቱ ኢኻ ተባኺኹ፡፡ ከም ሳዕቤኑ፡ ፍርሕኻ መሊሱ ብምዕባይ ንዓኻ ሕራ ሕራይ ገይሩ የሰራጥየካ፡፡

*"ኣብ ህይወት እቲ ዝዓበየ ትምህርቲ፡ ብዝኾነ ሰብ ወይ ብዝኾነ ነገር ኩቶ ዘይምፍዳድ እዩ።" - **ፍራንክ ሲናትራ***
*"ናብኡ ንኽበጽሕ እናተመኘኹ ኣይኮንኩን ጨቢጠዮ። ኣብኡ ንኽበጽሕ ብተግባር እናሰራሕኩሉ እየ ጨቢጠዮ።" - **ኢስቲ ላውደር***

**ይቕጽል**



# ዳየሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

ሓሙስ 16 ሚያዝያ 2026
08 : 04 ድ.ቐ. – ኣስመራ

## ሰማያዊ ርግቢ

ኣብቲ ውጹእ ጻዕዳ ማቶኔላ ብቐርጺ ልቢ ተቐሪጸን ዝበርሃ ብርክት ዝበላ ሰማያዊ ሽምዓ ዝርኣየ ሰብ፡ ገለ በዓል ይኽበር ምህላዉ ንምርዳእ ኣይጽገምን። ሎሚ ዕለተ ልደት ናይ ፍቕረይ ምዃኑ ኣነን ንስኽን ጥራሕ ዘይኮነ ብርክት ዝበሉ ሰባት'ኳ ክፈልጡዎ ጀሚሮም ከም ዘለዉ ኣጻዕዲኺ ትፈልጢ ኢኺ። ሕጂ'ውን ከምቲ ልሙድ ሰናይ ትምኒተይ ንምግላጽ ባህግታተይ ንሰማይ ዓሪጎም ዝናብ ኩይኖም ብምዝናብ፡ ንህይወት ፍቕረይ ከጥልሉ ብምሕሳብ፡ ኣእዳወይ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝተኽኽ ዝነበረ ሽምዓ እናንጸላለኹ፡ ብብሓደ ነቲ መሰረታዊ ጥንካረ ደቂ ሰብ ዝኾኑ ባእታታት እናጠቐስኩ - ሰላም፡ ፍቕሪ፡ ሓጎስ፡ ጥዕና፡ ዓወት፡ ዕግበት - ኣብ ህይወቱ ተዘሪኦም ዝተባረኸ ዘመነ ህይወት ክፈጥሩሉ ካብ ልበይ ተመነኹ።

ኣብዚ ህሞት'ዚ ሞባይለይ ብተደጋጋሚ 'ካብ ኮነ' ትብል ጣዕሚ ዜማ ዳናይት የሃንስ እያ ተሳሲ ዝነበረት። ነታ ደርፊ ኣሞንግየ ድማ'የ ካብ ኣስመራ ናብ ወጻኢ ሃገር ዝደወልኩ። ፍቕረይ ኣብ ስራሕ ግዲ ጸኒሑ ደንጉዩ'ዩ ተቐቢሉኒ። ብመስመር ኢንተርነት ካብ ዘይንራኸብ ድሮ ኣርባዕተ ወርሒ ኲይኑ ኣሎ።



ብናፍቕት ዓቢረ'የ። ግን እንታይ'ሞ ክግበር! ዝመረጽናዮ ጉደና ብሓባር ንኽንነብር ኣየተባብዐን። ማሕተም ስሙ ካብ ልበይ ዝሓኮ ዋላ ሓደ ፍጡር ኣይተረኽበን። ዝኽርታቱ ክሃሱለይ ተጋዲለ፣ ጻዕረይ ግን ከንቱ ኲይኑ።

"ሄሎ!" ዝብል ጥዑም ቃና ፍቕረይ ብመሳኹቲ ኣእዛነይ ሰሊኹ ንልበይ ህርመታ ኣዛይዱዎ'ዩ።

"እ...እ... እንቋዕ ተወለድካ!" ኩልተፍተፍ እናበልኩ ዘድመጽኩወን ቃላት'የን። "ሎሚ ብምኽንያት ዕለተ ልደትካ ዝኸሪ ገይረ ኣለኹ፡" ሓይለይ ኣኪበ ተዛረብኩ።

"ዘኪርክዮ!" ሃንደበታዊ ተግባራተይ ከም ዘገረሞ ካብ ቃላቱ ኣስተብሂለኩ። ንስመይ እናቃባጠረ፡ "በሊ ሰልድኺ ኣይትወድኢ፣ በዚ ክድውለልኪ'የ፡" ብምባል ተሰናበተኒ።

ከም ትፈልጥዮ፡ ቅድሚ ኣርባዕተ ወርሒ ብውዕውዕ ኩናት ኢና ተፈላሊና። ግን ከኣ ሓቀይ'የ፣ እቲ ክንገብሮ ዝግባኣና ኣብ ግዜኡ ብዘይ ምግባርና ኢና ተፈላሊና። "ገዲፍክኒ ምሸ!" ዝብል ክሲ ክሰምዕ ኣይደልን'የ። ልዕሊ ፍቕሪ፡ ንተዋሰአ ምስ ኣፍቀርና ኢና ንፍቕሪ ኣባሪርናዮ። ውሽጥና ብፍቕሪ እናተሓመሰ፡ ኣናብስ ክንከውን ሃቂንና። ግዜ ከኣ "ተዋሰአ ይኣኽለኒ፡" ኢሉና። ነናትና መኣዝን ሒዝና። እንታይ ነይሩዎ፡ ንስሚዕትና እንተ እንሰምዖን እንተ እንምርምሮን፣ ነይሩዎ ድፍረት ኣኪብና እንተ እንዘራረብ፣ ብሓጺሩ ኣብ ግዜኡ ንስምዕትና ብዘይ ምስማዕና ክልተና ተሃሲና። እቲ ዘሐጉስ ግን ንሓደና ዝተሓሰበ ፈተና ውጽኢት ነጊሩ፡ ናይ ክልተና ድዩም ዝበሉ ሻም ገሹን ሚሊዮን ኀይትኦምን ሓቀም'ዮም።

ምስ ተፈላለና ኢና ማዕረ ክንደይ ከም እንፋቀር ዝፈለጥና፣ ምስተፈላለና ኢና ንብዓት ዝተገዘምና፣ ምስ ተፈላለና ኢና እቲ ሓደ ብዘይ እቲ ሓደ ዋላ ሓደ ከም ዘይኮነ ዝተረድኣና፣ ምስ ተፈላለና ኢና ምርኻብና ብዕላማ ምዃኑ ዝበርሃልና።

በሊ ዳየሪየይ ጽብቕቲ ባህሪ ፍቕረይ ኣይጠፍኣክን'ዩ፣ ይትረፍ ሕጂ ግዜን ቦታን ኣረሓሒቑና፡ ምሳይ እንከሎ'ኳ ደፊሩ ኣዕሊሉኒ ኣይፈልጥን'ዩ። ከም ዘይግደሰልካ ተመሲሉ ከም ትግደሰሉ ከም ዝገብር ኣንዳዕዲዕኪ ኢኺ ትፈልጢ። ባህሪኡ'ዩ። ብፍቕሪ ሓሚሙ የሕምመካ፣ ነቢዑ የንብዓካ። ስለዚ ሕጂ'ውን ክድውለለይ ኣይጽበይን እየ። ክሳዕ ሕጂ ንተዋሰአ እዩ ዘፍቅር። እንቋዕ ጥራሕ ድምጹ ሰማዕኩ፣ እንቋዕ'ውን ወናኒት ዘይውዳእ ፍቕሪ ኰንኩ።

ኣርሞር (ሳማራ)

## ሞቁር ቃንዛ

08 ሰነ 2017 - ሳዋ

ዝተጋጨወ ንፋሳት መስታ ፈጢሩ ንዝተረበሸ መንፈስይን ዝተጨበጠ ኣካላተይን ብደስታ ከንቀሳቕሶ ከሎ፡ ምስ ሓሳባተይ ግን እግርን ከበሮን ምዃኑ እንተ ዝፈልጥስ እንታይ ኰን ምበለ፧ እናሻዕ እንክጥምቶም ሕቶታት ዘዝንበሎም ዝነበርኩ ኣብ ቅድመይ ዘዐገሽግሹ ዝነበሩ ኣግራብ፡ ኣቑጽልቶም ብምርጋፍ ሰላምታኦም መጥዮም፡ ንዝተጸዋወገ ፍረ ገጺይ ናብ ንቡር ንኽመልሱ፡ ሓዚኑ ንዝቓዘነ ልበይ ክድብሱ ዝተላእኩ ይመስሉ። በዚ ጥዑም ትርኢት ብተምሳጥ ይዕዘበሉ ኣብ ዝነበርኩ እዋን'የ እቲ ንኣእምሮይ ካብ ስርሑ



ኣውጺኡ፡ ዋኒኑ ጠንጢኑ፡ ናብ ናይ ምስርሳር ስምዒት ዘጓዓዘኒ ሰናይን ጥዑምን ፍቕርኻ'የ ዘኪረ።

ንጉሰይ፡ ላዛ ጥዑም ቃላትካ ምስቲ ስሙር ውህደት ዘሎዎ ቃፍላይ ፍልጠትካ፡ ካብ ብኣካል ብስእልኽ ምዕላል ይበልጸኒ። ስእልኻ ብዓይነይ ወሪቐ ምስተን ኣብ ሰማይ ዘለዋ ነብረ ጤል ከዋኽብቲ ከመሳስለካ ከለኹ፡ ዝርኣየንን ዝሰምዓንን ዘበለ ኵሉ ነናቱ ፈውሲ ክእዝዘለይ ከሎ፡ ኵሉ'ቲ ዝተባህለኒ መቐንዘውየይ እዩ። እቲ እንኮ መድሃኒተይ፡ ንስኻ ኢኻ። ባህጊ ልበይ ሰሚሩ ኣብ ሕቑፎይ - ኣብ ሕቑፎካ ክንማሙቕ እኳ እንተ ነበረ፡ መቐረት ፍቕርኻ ከስተማቕር እንተ ኲይነ፡ ኣይሂ ንብዓት ክነብዕ ካብ ፉጡራት ክፍለ ተቐሲበ።

"ኣሕዋት ንኹን፡" ዝብል ዘይዕጸፍ ቃላትካ ምኽንያት ከም ዘሎዎ ሎሚ'የ ፈሊጠ። ግን ኣነስ ከምታ ቀደመይ ይሕሽኒ። ካብ ዝረባ ዓዲ ከይውዕል ልሳነይ እንተ ኣድመጸ፡ "ጻዕዳ ይጽናሕካ! ሓሳብ ልብኻ የስምረልካ! ሓፍቲ ክኹነካየ፡" እንተ በልኩ ሓቂ ከይመስለካ። ዝተጸዋወገ ወይ'ውን ዕግበት ዝሰኣነ ምስልኻ ከይዕዘብ'የ ብዘይ ፍታወይ ዘድምጾ። ናይ ጽባሕይ ክትኩነኒ ተመንየ ነይረ፣ ትምኒተይ ከም ዘበነነ ምስ ኣረጋገጽኩ ግን እንትርፎ ዘፍቀረ ካልእ ዘይፈልጦ ምቁር ቃንዛ ፍቕርካ ከስተማቕር ተመንየ። ናተይ ዘይምዃንካ እናተረድኣኒ፡ ዘፍቀረ ዕዉር'ዩ፡ ክትምለሰኒ እናተመነኹ ልበይ ዘቃጸለ ሃልሃልታ ፍቕርካ ደስ እናበለኒ ይጥበሶ ኣለኹ።

ፌሩዝ እስቲፍ

ሜካ -74 ጉጅለ ባህሊ ኣሉሊ

## ክናኽቶጥፍሽ




... ንኸሩ ዝኸውን መምኽነይታ ዘይትስእን ምኳና ይገርመኒ ነይሩ። ኵሉ ሳዕ ከኣ እንታይ በዲለያ ኢለ ብውሽጠይ ይኸንጦ። ስለ'ቲ ዝሓለፍናዮ፡ ስለ'ቲ ሰበይ ኢለ ዝሓሰብ፡ ኣነ ክጸራ፡ ከም ዘላቶ ክቕበላ ፈቲነ። ግዳ ነብሰይ ኣብኡ ተዓድዩ። ሎሚ እንክሓስቦ፡ እቲ ዘሕመኒ ምኽንያት ንኣኣ ከይከስራ ኣይኮነን፣ እቲ ንሕድሕድና ዘውፈርናዮ ግዜ፡ ስምዒት፡ ዕላማ፡ መጽኢ፡ ትጽቢት፡ ... እዩ። ...

ብሌን ግርማይ

28 ጥሪ 2026
– 08 : 40 ድ.ቐ. –

## ኣደ ንምኳን!

መማኽረተይ፡ ሎሚ ቅነ ምልስ ምልስ እየ ክብለኪ ቀንየ። ናይ ሎሚ ከኣ እሞ ካብ ኵሉ ዕላላትና ዝሕጉስ ዕላል እዩ ዘሎኒ። ስምዒተይ ዋላ ህውኽ ህውኽዶ ይብል ኣሎ፧ ሓቅኺ ሓጉስ ንኸሉ ኣካላተይ የሰራስሮ ኣሎ። ስቕ ኢለ በይነይ ፍሽኽ እብል ኣለኹ። ኦ...ኦ... ሓጉስ የጸልል ድዩ፧ እንድዒ በቃ ናብ ዕላለይ ክሰግር።

ወዲ ሰብ ኣብ ህይወቱ ብዙሕ ሓጉስ ዝፈጥረሉ ኣጋጣሚታት ይኸሰት እዩ። ኣብ ትምህርቱ ምስ ተዓወተ፣ ጽቡቕ ኣታዊ ዘሎዎ ስራሕ ምስ ሓዘ፣ ሕልምታቱ ምስ ረኸበ፣ ንእኡ ትመስል መጻምድቲ ረኺቡ ቃልኪዳን ምስ ኣሰረ፣ ንዓይኑ ብዓይኑ ምስ ርኣየ፡ ማለት ንእኡ ዝመስል ውላድ ምስ ረኸበ፣ እዝን ካልእን ካብቶም ገለ ንኣኻን ኣብ ከባቢኻ ዘለዉን ሓጉስ ዝህብ ፍጻመታት ህይወት እዩ። ሳንዳይ ቃልኪዳን ካብ ዝኣስር



ዳርጋ ሳልሳይ ወርሐይ ረጊጸ ኣለኹ። መቸም ሓጉስ ናይ ዕለተ ቃልኪዳነይ ኣብ ከርስኺ ተኸዚኑ ስለ ዘሎ ኣይትርስዕዮን ኢኺ። ሓዳሽ ዓመት ብምልኣት ሓጉስ ዘቐቢበ ተቐቢለያ። እዛ ፈላሚት ወርሒ ናይዛ ሓዳስ ዓመት ኣብ ምዝዛማ ከኣ ካልእ ሓጉስ ዝፈጥር ኮነት ኣጋጢሙ።

ሎሚ ሕክምና'የ ኣምስየ መማኽርተይ። ድሕሪ መርዓ ሃንቀው ትብሎ ነቲ ዝፈለምካዮ ጉዕዞ ሓዳር ብውላድ ከተማምቓ እዩ። ኣነ'ውን ነዚ ሃንቀውታይ ከረጋግጾ ስለ ዝደለኹ'የ ናብ ሕክምና ከይደ። ትፈልጢ ሳንዳይ፡ ውጽኢት ምስ ተዋህበኒ ናብ ዶክተር ክሳዕ ዝበጽሕ ዓቕሊ ስኢነ 'HCG postive' ዝብል ምስ ርኣኹ እንድዒ! ክሳዕ ሕጂ ክገልጾ ዘይክእል ስምዒት ይስምዓኒ ኣሎ። ዝሰደደኒ ሓኪም "እንቋዕ ሓጎሰኪ፡" ኢሉ ንትጽቢተይ ወግዓዊ ምስ ገበሮ፡ ከመይ ኢለ ከም ዝተፋነኹ ኣይዝክሮን እየ። ፈለማ ንብዓልቤተይ ክነግሮ ተህዊኸ። ነጊረዮ ከኣ ሳንዳይ። ልዕለይ ንሓጉሱ መግለጺ ስኢኑሉ። ብሓጉስ ተመሊእና። እንተ ናተይ'ሞ ፍሉይ እዩ። ኣደ ኩይነ ክርእያ እዛ ነብሰይ ተሃዊኸ። ሓቂ'ዩ እባ 'ብውላድካ ተሓጒስ' ክብሃል፣ ድሮ ከይተወልደ ብሓጉስ ዝተመላእኩስ ዓይኑ ምስ ርኣኹ፡ ሽታኡ ምስ ኣስተማቐርኩ ደኣ ከመይ ክኸውን እየ። በሊ ካብ ሎሚ ዕሽለይ ምክንኻን ክጅምር'የ ሳንዳይ። ኤእ ድሮ እኳ ኣደ ንምኳን በቒዐ እየ። ብዝኾነ ምስ ብዓልቤተይ ሓጉስና ንጽምብሎ ኣለና፣ ንቐደም በሊ። ብሩኽ ለይቲ።

Mlat.f

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## እዚ ማእከል፡ ውድድራት ኵዕሶ መርበብ ተዛዚሙ



ኣብ መንን 21 ጋንታታት ናይ ደቂ-ኣንስትዮን ደቂ-ተባዕትዮን ንሰለስተ ኣዋርሕ፡ ኣብ ሰለስተ ከተማታት ክሳላሰል ዝጸንሐ ግጥማት ኵዕሶ መርበብ እዚ ማእከል፡ ሰንበት 07 ሰነ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ብምዕሩግ ኣገባብ ተዛዚሙ።

ኣብቲ ኣዚ እዚ ማእከል ብ/ጀነራል ተኽለ ክፍላይ፡ ኣዘዝቲ ክፍላተ ሰራዊትን ሰታፋት ግንባርን ከምኡ'ውን ዕዱማት ኣጋይሽ ዝተረኸብሉ ናይ መዛዘሚ ጸወታ፡ ጋንታታት ሂላልን መረብን'የን ብኽልተኡ ጾታ ንዋንጫ ገጢመን። ኣብቲ ዝበረ ውዕውዕ ጸወታ ከኣ፡ ጋንታ ሂላል ብደቂ-ኣንስትዮ 2-0፡ ብደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ 3-1 ንጋንታ መረብ ብምስዓር ብኽልተኡ ጾታ ሻምፕዮን ውድድራት ኵዕሶ መርበብ መበል 14 ቅኑ ስፖርት እዚ ማእከል ኰይና።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ዝተፈላለዩ ተጻወትቲ ኣብ ግዜ ጸወታ ብዘርኣይዎ ብቕዓት ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ንሽልማት ክበቕዑ እንከለው፡ ካብ ደቂ-ኣንስትዮ ፈሸን ተሰፋዝጊ ናይ ጋንታ ሮዝሞ፡ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ሳሙኤል ሳምሶም ናይ ጋንታ ማይ ጸብሪ ዝያዳ ጸብለል ብምባሎም፡ ዋንጫን ገንዘባዊ ሽልማትን ተበርኪቱሎም።

ብዘይካዚ፡ ናይ ጋንታ ሂላል ኣሰልጣኒ ዳኒኤል ክፍላይ፡ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ተባሂሉ ተሸሊሙ።

## ዝሓየለ ምድብ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026

ነዊሕ ትጽቢትን ምድላውን ዝተገብረሉ ዋንጫ ዓለም 2026 ጽባሕ 11 ሰነ መጋረጃኡ ክኸፍት'ዩ። ኣብዚ ኣብ ሰለስተ ሃገራት ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ዝሰላሰል ጸወታ ድማ፡ 48 ሃገራውያን ጋንታታት ክሳተፋ እየን።

ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ጋንታታት ኣብ 12 ምድብ ተደላዲለን ደርከበ። 16 ጋንታታት ሰለስተ ጸወታ ምስ ኣካየዳ ናብ ዓደን ክምለሳ'የን። ካብ ምድብን ክልተ ቀዳሞት ዝኾና ብጠቕላላ 24 ጋንታታት ምስተን ዝበለጻ ሳልሳይ ደረጃ ዝሓዛ 8 ጋንታታት ብምኳን ናብ ዝቕጽል ጸወታ ክሰግራ'የን።

'ኦፕታ ሱፐር ኮምፕዩተር' ን48 ጋንታታት ደረጃ ብምሃብ፡ ዝሓየለ ምድብ ዋንጫ ዓለም ኣየናይ ምዃኑ ገሊጹ ትርከብ።

ምድብ 9 ('ግሩፕ ኣይ') እቲ ብኦፕታ ዝሓየለ ምድብ ተባሂሉ ዘሎ'ዩ። ኣብዚ ምድብ ፈረንሳ፡ ኖርወይ፡ ሴኔጋል፡ ዒራቕ ደርከበ። ፈረንሳ ድሕሪ ስጳኛ ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘት'ያ። ሴኔጋል መበል 21፡ ኖርወይ ከኣ፡ መበል 25 ትርከብ። እዚ ምድብ እቲ እንኮ ምስ ቀዳሞት 25 ጋንታታት ዝርከብ ሰለስተ ጋንታታት ዝሓዘ ብምዃኑ'ዩ ብኦፕታ ሓያል ምድብ ተባሂሉ። ማብል 62 ዞላ ዒራቕ ብዮዲኡ፡ ቅድሚ ሰሙን ኣብ ዝተኻየደ ናይ ምሕዝዞት ጸወታ፡ ምስ ስጳኛ 1-1 ብምውጻእ ሓይላ ኣርእያ'ያ።

ዘለወን ኣርባዕተ ጋንታታት ዝርከብኦ እዩ። ኣብዚ ማብል 20 ዞላ ቱርኪ፡ ማብል 28 ተርታ ዞላ ኣውስትራልያ፡ ማብል 30 ዞላ






ን6ይ ተርታ ዞላ ኮሎምብያን 9ይ ዞላ ፖርቱጋልን ዝሓዘ ምድብ 11 ('ግሩፕ ከይ') ብኦፕታ ካልኣይ ደረጃ ተዋሂብዎ ዘሎ'ዩ። ኣብዚ ምድብ ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ዋንጫ ዓለም እትሳተፍ ዞላ ኡዝበኪስታንን ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎን ደርከበ።

ብኦፕታ ሳልሳይ ዝሓየለ ምድብ ተባሂሉ ዘሎ ራብዓይ ምድብ ('ግሩፕ ዲ') እዩ። እዚ ምድብ፡ እንኮ ምስ ቀዳሞት 50 ደረጃ ፓራጓይ ከምኡ'ውን ማብል 38 ደረጃ ዝሓዘትን ኣኣንጋዲት ሃገርን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ተሓቍፈን ደርከበ። ኦፕታ፡ ንኣኣንጋዲት ሃገር ካናዳ፡ ስዊዘርላንድ፡ ቀጠር፡ ቦዝንያ ሄርዞጎቪንያ ዝሓዘ ምድብ ክልተ ('ግሩፕ ቢ') እቲ ዝሓመቐ ምድብ ኢሉዎ ትርከብ።

ዋንጫ ዓለም 2026፡ ካብ 11 ሰነ ክሳዕ 19 ሓምለ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ካናዳ፡ ሜክሲኮ ክካየድ'ዩ።

## ሶማላዊ ዳኛ ናብ ኣመሪካ ከይኣቱ ተኸልኪሉ

ብሉጽ ዳኛ 2025 ተባሂሉ ብካፍ ዝተሸለመ ሶማላዊ ዳኛ ዑማር ኣርታን፡ ዋንጫ ዓለም 2026 ክዳንይ ድሕሪ ምርቃሑ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ከይኣቱ ተኸልኪሉ።



ዑማር ኣርታን፡ ካብቶም ንዋንጫ ዓለም ክዳኑ ብፊፋ ዝተረቑሑ 52 ዳያኑ ሓደ ኰይኑ፡ ካብ ኢስታንቡል ቱርኪ ተበጊሱ ናብ ኣመሪካ በጺሑ። ሰብ መዚ ኣመሪካ ድማ፡ ናብ ኣመሪካ ክኣቱ ከም ዘይፍቐዶ ብምሕባር፡ ካብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ሚያሚ መለሶሞ።

ዑማር ኣርታን፡ ድሕሪ ምስጓጉ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ 11 ሰዓታት ዝወሰደ ናይ ኢሚግሬሽን ቃሉ-ምሕትት ከም ዝገበረ ገሊጹ። ቅኑዕ ሰነድን ቅኑዕ ቪዛን ሒዙ እንከሎ ድማ፡ ናብ ኣመሪካ ክኣቱ ከም ዝተኸልከለ ገሊጹ።

ዑማር ኣርታን ናብ ኣመሪካ ንኸይኣቱ ዝኸልከለ ጸገም ዘይብሉ እኳ እንተኾነ፡ ካብተን ብምምሕዳር ዶናልድ ትራምፕ ናይ ጉዕዞ ክልከላ ዝተገበረለን ሃገራት፡ ሃገሩ ሶማል ሓንቲ ብምዃና፡ ዑማር ኣርታን ናብ ኣመሪካ ንኸይኣቱ ተኸልኪሉ ይርከብ።

ዋንጫ ዓለም ምድናይ ዝዓበየ ሕልሙ ምዃኑ ዝገለጸ ዑማር ኣርታን፡ ካብዚ ዓቢ ኣጋጣሚ ምስንኻሉ ተሰኪፉ ከም ዘቑረጸ ገሊጹ።

ዑማር ኣርታን፡ ናይ ፈለማ ዋንጫ ዓለም ክዳንይ ዝተመዘዘ ሶማላዊ'ዩ።

እዚ ውሳኔ ናይ ኣመሪካ፡ ነዚ ጽባሕ ዝኽፈት ዋንጫ ዓለም 2026፡ ሕማቕ ድባብ ፈጢሩሉ ይርከብ።

## ኣልታሕሪር፡ ንደንደን ኣሰር ቀይሕ ባሕሪ ኣስዒባታ ኣዱሊስ ደረጃኣ ዓቂባ

እታ ንቀይሕ ባሕሪ ዝሰዓረታ ኣልታሕሪር፡ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ኣብ ዝተኻየደ ሊግ ኵዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ንደንደን 3-ብ1 ብምስዓር ተወዳዳርነታ ከተሐይል እንከላ፡ ኣብ ካልኣይ ዘርፊ ኣከታቲላ ዝተዓወተት ኣዱሊስ ድማ፡ ኣብ ቅድሚኣ ንዝርከብ ቀይሕ ባሕርን ደንደንን ተጸጊዓተን።

ኣብቲ ኣልታሕሪር ምስ ደንደን ዘካየደቶ ጸወታ፡ ደንደን ኣብ ማብል 25 ደቒቕ ብመገዲ ብንያም መንግስታኣብ ሹቶ ብምርካብ ናብ ዕረፍቲ መሪሓ ወጺኣ ነይራ። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ደንደን መሪሕነታ ክትዕቅብ ኣይከኣለትን። ኣልታሕሪር ተወዳዳርነታ ብምሕያል ኣብ ማብል 47 ደቒቕ፡ ብመንገዲ ሄርሞን ጉብረገርግሽ ሹቶ ብምርካብ፡ ምስ ደንደን ተመዓራረያ። ኣልታሕሪር፡ ብዘበርክቶ ጻዕሪ፡ ኣብ ማብል 65 ደቒቕ ካብ ኣቤል ክፍለ ሹቶ ብምርካብ መሪሕነት ክትሕዝ ክኢላ። ደንደን ንምምዕርራይ እናጸዓረት ከላ፡ ኣብ ተወሳኺ ደቓይቕ ፍጹም ከርስ ናብ ገዛእ ልዑቱ ብዘመዝገቦ ሹቶ፡ ኣልታሕሪር 3-ብ1 ተዓዊታ። ኣብዚ ግጥም ኣቤል ክፍለ ካብ ኣልታሕሪር ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ። ኣልታሕሪር፡ ኣብ ውድድራት ካልኣይ ዘርፋ፡ ንሰገነ፡ ቀይሕ ባሕርን ደንደንን ኣከታቲላ ሰዒራተን። በዚ ኸኣ፡ ነጥባ ካብ 7 ናብ 16 ክብ ብምባል፡ ካብቲ ዝጸንሐቶ ሻሙናይ ደረጃ ናብ ራብዓይ ክትሓኵር ክኢላ።

ኣንጻር ማይተመናይ ጸወታኣ ዘሰላሰለት ኣዱሊስ፡ ናይ ቀዳማይ እብረ ጸወታ ብዘይ ሹቶ ክትወጽእ እንከላ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ብዘመዝገበተን ሹቶታት ተዓዊታ። ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ዘላ ኣዱሊስ፡ ኣብ ማብል 47 ደቒቕ ካብ ሳዶር የማን ሹቶ ብምርካብ፡ ምስታ ኣብ 80 ደቒቕ ሹቶ ዝረኸበት ማይተመናይ ተመዓራርያ ነይራ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ማብል 83ን 90ን ደቒቕ ካብ ብንያም ግርማይ፡ ኣብ ተወሳኺ ደቒቕ ድማ፡ ተጻዋታይ ማይተመናይ ካልድ ሳፈ ናብ ገዛእ ልዑቱ ብዘመዝገቦ ሹቶ፡ 4-ብ1 ተዓዊታ። ኣብዚ ግጥም ናይ ኣዱሊስ ሳዶር የማን ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ። ኣስመራ በራን ኩባንያ ህንጻ ሰገንን ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ፡ ሰገን ካብ ኤሽን ዘኰርያስ፡ ኣስመራ በራ ኸኣ፡ ካብ መኩታር ሓሚድ ሹቶ ብምርካበን 1-ብ1 ወጺኦን። ቀይሕ ባሕርን ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ፡ ቀይሕ ባሕሪ 2-ብ0 ተዓዊታ። ተጻዋታያ ቴድሮስ መልኣከ ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ።

11 ግጥማት ኣሰላሲሉ ኣብ ዝርከብ ሊግ ዞባ ማእከል፡ ቀይሕ ባሕሪ ብ25 ነጥቢ ክትመርሖ እንከላ፡ ደንደን ብ23፡ ኣዱሊስ ብ22፡ ኣልታሕሪር ብ15፡ ዝያዳ ጸወታ ኣካይዳ ዘላ ሰገን ብ14፡ ጉደሎ ጸወታ ዘለዋ ሰምበል ብ13፡ ጥሪትን ዘራእትን ብ12 ከምኡ'ውን ማይተመናይ ብ5 ነጥቢ ይስዕባ።

## ዜና ብሓጺሩ

- **"እንግሊዝ ዋንጫ ዓለም እንተተዓዊታ፡ ናብ ኣውስትራልያ ክስደድ'የ" ሮይ ኪን**

ናይ ቀደም ተጻዋታይ ማንቸስተር ዩናይትድ ሮይ ኪን፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 እንግሊዝ እንተ ተዓዊታ፡ ብቐዋምነት ናብ ኣውስትራልያ ክኸይድ ምዃኑ ገሊጹ። ናይ ቱሸል እንግሊዝ ጽምኢ 60 ዓመት ክተርውይ መደብ ስራሕ ተዋሂብዋ ይርከብ። እንተ ተዓዊታ ክፍጠር ዝኽእል ሃዋህው ኣብ ግምት ዘእተወ ሮይ ኪን ድማ፡ እንግሊዝ ክትዕወት ከም ዘይደሊ ገሊጹ።

እንግሊዝ ኣብ 'ግሩፕ ኤል' ምስ ክሮሽያ፡ ጋና፡ ፓናማ ተደላዲላ ትርከብ።

- **ሰበይቲ ድያጎ ጆታ፡ ናብ ሮበርትሶን ብዛዕባ ዋንጫ ዓለም ደብዳቤ ሰዲዳ**

ብዓልቲ ቤት ናይቲ ብሓደጋ መኪና ህይወቱ ዝሓለፈት ተጻዋታይ ሊቨርፑል ዝነበረ ድያጎ ጆታ፡ ናብቲ መጻወትቱ ዝነበረ ኣንድይ ሮበርትሶን ደብዳቤ ሰዲዳ። ኣብ ወርሒ ሕዳር ንሃገሩ ድሕሪ 1998 ናብ ዋንጫ ዓለም ክትሓልፍ ልዑል ግደ ዝተጻወተ ሮበርትሶን፡ ኣብ መላእ መጻረዪ ግጥማት፡ ኣእምሮኡ ብሓሳብ ናይቲ መጻወትቱ ዝነበረ ድያጎ ጆታ ተታሒዙ ከም ዝነበረ ገሊጹ። ነዚ ዝተኸታተለት ብዓልቲ ቤት ጆታ ድማ፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም ምስታፍ ሕልሚ ክልተኦም ምንባሩ ብምግላጽ፡ "…ንእኡ ብዘይምርሳዕካን ምሳኻ ምምላእካን ኣመስግነካ።… ነቲ ኣቐንዛዊ ምፍልላይ ናብ ግሩም ነገር ብምቕያርካ ኣመስግነካ" ብምባል ስምዒት ዝትንክፍ ደብዳቤ ሰዲዳትሉ።

- **ዩናይትድ ንቶተንሃም ጠለብ ከቕርበሉ ትደሊ**

ማንቸስተር ዩናይትድ መስመር ምክልኻላ ንምድልዳል፡ ንሓለቓ ጋንታ ቶተንሃም ክሪስትያን ሮመር ንምምጻእ፡ ንቶተንሃም ጠለብ ከቕርበላ ምዃና ተገሊጹ።

ዩናይትድ፡ ኣብ ዝሓለፈ 18 ኣዋርሕ መስመር ምክልኻላ ብሰንኪ መጉዳእቲ ቀጻልነት ዘለዎ ተጻዋታይ ስኢኑ ጸኒሑ። ተመክሮን ብቕዓትን ዘለዎ ኣገልግሎት ንምርካብ ድማ፡ ንወዲ 28 ዓመት ኣርጀንቲናዊ ሮመር ከተምጽኦ ወሲና ኣላ። ሮመር ኣብ ርእሲ'ቲ ውሑዕ ተጻዋታይ ቶተንሃም ምዃኑ ብባርሴሎና'ውን ይድለ ብምህላው፡ ንማንቸስተር ዩናይትድ ንምምጻኡ ከሸግራ ምዃኑ ይግመት።



# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ቻይናን ሰሜን ኮርያን፡ ኩሉ-መዳያዊ ዝምድናአን ንምዕማቕ ተሰማሚዐን

ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂን ፒንግን መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡንን ኩሉ መዳያዊ ምትሕብባር ክልቲአን ሃገራ ከዕምቑ ቃል ከም ዝኣተዉ፡ መንግስታውያን ማዕከናት ዜና ናይተን ሃገራት ሓቢረን።

ትማሊ ሰሉይ ምሸት ኣብ ዝተኻየደ ርክብ ናይ'ቶም መራሕቲ፡ ፕረዚደንት ሺ፡ ዝምድናታት ክልቲአን ሃገራት ዝያዳ ንምዕባይ ዕላማ ከም ዘለዎ ከም ዝገለጸን፡ ክልቲኦም መራሕቲ ድማ ንዝያዳ ስትራተጂያዊ ርክብ ክጽዕሩ ከም ዝተሰማምዑን እተን ማዕከናት ዜና ወሲኸን ጸብጺበን።

ከም ብወገኑ ምሕዝነት ሰሜን ኮርያን ቻይናን ቀጻሚት ዝወጸ ስትራተጂያዊ ዕዮ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።


ከም ወሲኾ፡ ሺ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ንፈለማ እዋን ናይ ወጻኢ መገሻኡ ብሰሜን ኮርያ ምጅማሩ፡ ንሃገሩ ኣዝዩ ዘተባብዕ ደገፍ ገይሩ ከም ዝርእዮ ብምሕባር፡ ንሺ "ዓቢ መንግስታዊ ጋሻ" ክብል ጸዊዕዎ።

ከም ብተወሳኺ፡ ሰሜን ኮርያ ን 'ፖሊሲ ሓንቲ ቻይና' ከም እትድግፍ ደጊሙ ድሕሪ ምርግጋጹ፡ እዚ ድማ ታይዋን ዘይትንጸል ኣካል ቻይና እያ ንዝብል ወግዓዊ መርገጺ መንግስቲ ቻይና ዘመልክት ምዃኑ ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ክልቲኦም መራሕቲ ኣብ ኣህጉራውን ዞባውን ጉዳያት ብምዝታይ፡ ናይ ሓባር ረብሓታት ክልቲአን ሃገራት ንምሕላው ኣብ ስምምዕ ከም ዝበጽሑ ተገሊጹ።

መንግስታዊ ፈነወ ቴሌቪዥን ቻይና ትማሊ ሰሉይ ኣብ ዘውጽኦ ጸብጻብ፡ ሺ፡ ቻይና ኣብ ንግዲ፡ ሕርሻ፡ ህንጻን ቴክኖሎጂን ዝርከቦ ሰፊሕ መዳያት ምስ ሰሜን ኮርያ ዘለዋ ምትሕብባር ዝያዳ ክተስፍሖ ድልውቲ ምዃና ከም ዝገለጸ ሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ ክልቲአን ሃገራት ስትራተጂያዊ ምትሕብባረን ብምሕያል፡ ብበወገን ልኡላውነተን ጸጥታዊ ረብሓታተንን ብጽኑዕ ክሕልዋ ፕረዚደንት ሺ ከም ዝጸውዐ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ኣመልኪቱ።



ፕረዚደንት ሺ፡ ኣብ ሰሜን ኮርያ ምብጻሕ ከካይድ እዚ ድሕሪ 7 ዓመታት ንፈለማ እዋን ምዃኑ ይሕበር።

እቲ ፕረዚደንት፡ ኣብ'ታ ሃገር ዝጸንሖ ናይ 2 መዓልታት ምብጻሕ ዛዚሙ ትማሊ ሰሉስ ናብ ሃገሩ ከም እተመልሰ ተፈሊጡ'ሎ።

## መራሕቲ ኣመሪካን ሩስያን ክዘራረቡ መደብ የብሎምን ተባሂሉ

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕን ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲንን ዝኾነ ናይ ቴሌፎን ርክብ ንምክያድ ዝተታሕዘ መደብ ከም ዘየሉ ኣፈኛ ቤት ጽሕፈት ክረምሊን ዲሚትሪ ፔስኮቭ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።



ይኹን'ምበር፡ ልኡኻት ኣመሪካ ዝኾኑ ስቲቭ ዊትኮፍን ጃረድ ኩሽነርን ምስ ሩስያን ዩክሬንን ርክብ ይቕጽሉ ከም ዘለዉ፡ እቲ ኣፈኛ ኣረዲኡ።

ዊትኮፍን ኩሽነርን ቅድሚ ሕጂ ኣብ መንጎ ሩስያን ዩክሬንን ኣብ ዝቐጸለ ዘሎ ኲናት ናይ ዕርቂ ጻዕርታት ይሳተፉ ምንባሮም ዝዝከር ኮይኑ፡ እቲ ጻዕርታት ግና ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊ ኢራን ወተሃደራዊ ስጉምቲ ምውሳድ ምስ ጀመራ ደው ከም ዝበለ ይፍለጥ።

"ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ እቲ ኣብ መንጎ ዩክሬንን ሩስያን ዝቐጸለ ዘሎ ኲናት መስርሕ ሽምግልና ተቛሪጹ ኣሎ። እዚ ክበሃል ከሎ ግን፡ እቶም ኣመሪካውያን መንገኛታት ርክቦም ምሳናን ምስ ዩክሬናውያንን ይቕጽል ኣሎ። ዛጊት ናብ ሩስያ ንምብጻሕ ዝሓዙዎ መደብ የለን፡ እንተኾነ ኑቶም ልኡኻት ኣብ ዝኾነ እዋን ናብ ሩስያ ክኣትዉ ከም ዝኽእሉ ኣፍሊጥናዮም ኣሎና" ክብል ፔስኮቭ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ብወገኑ ዝሓለፈ ሰሉይ ምስ ዊትኮፍን ኩሽነርን እወታዊ ዝኾነ ርክብ ከም ዘካየደ ድሕሪ ምግላጹ፡ እቶም ልኡኻት ኣብ ዝቕጽል ሰሙናት ኣብ ምፍታሕ እቲ ደማዊ ኲናት ተጨባጢ ኣበርክቶ ክገብሩ ትጽቢት ከም ዘለዎ ኣረዲኡ።

## ፊሊፒንስ - ቁጽሪ ግዳያት ምንቅጥቃጥ መሬት ወሲኹ


ኣብ ደቡባዊ ክፋል ፊሊፒንስ ብዘጋጠመ ሓደጋ ምንቅጥቃጥ መሬት ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ ብውሕዱ 37 ከም ዝበጽሐ ተሓቢሩ።

እቲ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ካልኦት ሰባት ዘቑሰለ ምንቅጥቃጥ፡ ኣብ'ታ ሃገር ቅድሚ ሎሚ ካብ ዘጋጠሙ ተመሳሳሊ ሓደጋታት እቲ ዝኸፍአ ኮይኑ፡ ብዘስዓቦ ዕንወት ህንጻታት ኣብ ፍርስራስ ኣባይቲ ንዝተደብቑ ሰባት ናይ ምድሓን ስርሒት ይቕጽል ከም ዘሎ ተገሊጹ።

ኑቲ ስርሒት ዝመርሕ ዘሎ ዞባዊ ሓላፊ መጥፋእቲ ሓዊ ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ በቲ ዝቐጸለ ዘሎ ናይ ህይወት ምድሓን ስርሒታት፡ ዛጊት ክልተ ሰባት ካብ'ቲ ኣብያተ መጋቢን ካልኦት ትካላት ንግዲን ዝርከብሉ ዝዓነወ ንግዳዊ ህንጻ ብህይወት ከም ዝወጹ ኣረዲኡ።

እቲ ናብ ሓያሎ ሃገራት መጠንቀቕታ ሓደጋ ማዕበል ሱናሚ ክመሓላለፍ ምኽንያት ኮይኑ ዘሎ 7.8 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ትማሊ ንግሆ ኣጋ ምሸት ካብ ገምገም ባሕሪ ኣውራጃ ሳራንጋኒ ኣስታት 20 ኪ.ሜ ርሒቑ ዘጋጠመ ኮይኑ፡ ክሳብ ኣብታ 420 ኪ.ሜ ርሒቓ እትርከብ ደሴት ሱላዌሲ - ኢንዶኔዥያ እውን ሓያል ኣዘዝዛታ መሬት ከም ዝተሰምዐ ተገሊጹ።

ስርሒታት ምድላይን ምድሓንን ግዳያት ኣብ ዝቕጽሉ ዘለዉ እዋን፡ ቁጽሪ ምውታት ካብ'ዚ ንላዕሊ ከምዝዩወስኽ ተሰኪታት ከም ዘለዉ፡ ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ኣመልኪቶም።




## እስራኤል፡ ኣብ ከተማ ጢሮስ መጥቃዕቲ ፈጺማ

እስራኤል፡ ትማሊ ሰሉስ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ኣብ እትርከብ ታሪኻዊት ወደባዊት ከተማ ጢሮስ መጥቃዕቲ ድሕሪ ምክያዱ ብውሕዱ ሸሞንተ ሰባት ከም ዝተቐተሉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ ኣፍሊጡ።

እቲ መጥቃዕቲ ድሕሪ'ቲ ኣብ ምብራቓዊ ወሰን ናይታ ከተማ ዝተፈጸመ ካልእ መጥቃዕቲ ሰዒቡ ዝተኻየደ ምዃኑ'ውን እቲ ሚኒስትሪን ማዕከናት ዜና መንግስትን ገሊጸም።

እስራኤል ነዚ መጥቃዕቲ'ዚ ዝፈጸመት፡ ኣብ ጸግዒ ናይ'ቲ ኢራን ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ዝፍጸም መጥቃዕቲ ደው ክብል ዘቕረበቶ ተረር መጠንቐቕታ ዝሓለፈ መጸዋዕታ እዩ።

እስራኤልን ሕዝቦላህን ንዝያዳ ተጻብኦታት ደኣ'ምበር ዘሎ ፍታሕ ንምምጻእ መንገዲ ይኸፍቱ ከም ዘየለው፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝመደበሮም ዝተፈላለዩ ወኪላት ማዕከናት ዜና ይሕብሩ።

ድሕሪ ዝሓለፈ ሚያዝያ፡ ትማሊ ሰሉይ ኢራንን እስራኤልን ንፈለማ እዋን ንሕድሕደን ብሚሳይላት ከም ዝተጣቓቐዓ ይፍለጥ።

እስራኤል፡ ኑቲ ኣብ ሊባኖስ ዝርከብ ብኢራን ከም ዝድገፍ እትገልጾ ዕጡቕ ጉጅለ ሕዝቦላህ፡ ብተደጋጋሚ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ከም ዝጥሓሰ ብምኽሳስ፡ ጠቕሊሉ ክሱብ ዝድምሰስ ክትቃለስ ምዃና እያ ትሕብር ዘላ።



## ቻይናን ደቡብ ኣፍሪቃን፡ ወተሃደራዊ ዝምድናአን ንምሕያል ተረዳዲአን

ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይናን ደቡብ ኣፍሪቃን፡ ወተሃደራዊ ምትሕብባረን ንምዕማቕ ኣብ ምርድዳእ ከም ዝበጽሓ፡ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ምክልኻል ቻይና ትማሊ ሰሉስ ገሊጹ።

እቲ ምርድዳእ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ቻይና ዶንግ ጁን ብዝተጉበረሉ ዕድመ መሰረት ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ ብምምራሕ ምስ ደቡብ ኣፍሪቃዊ መዘናኡ ኣብ ዘካየዶ ርክብ ከም ዝተበጽሐ፡ እቲ ኣፈኛ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ ወሲኹ ሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ትሕቲ ስትራተጂያዊ መራሕነት ክልቲአን ሃገራት፡ ሓይልታት ምክልኻለን ስትራተጂያዊ ርክቦም ከሐይሉ፡ ኣብ ትምህርትን ስልጠናን ዝጸንሖም ምትሕብባር ከዕምቑ፡ ከምኡ ድማ ኣብ መንጎ ሃገራት ደቡባዊ ዋልታ ዝሎ ወተሃደራዊ ምትሕግጋዝ ኣብኡ ክኾኑ ምዃኖም፡ እቶም ሰበ ስልጣን ሓቢሮም።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኀደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሚለንዩም | 10/6/26 | ክባቢ ፊያትታሌፎ ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ | 07147264 |
| | ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ | ቁ.ቴሌፎን 127565 | |